# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.246 | ሓሙስ 13 ሰነ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ን/ዞባ ሰገነይቲ


ገጽ 3
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 4
ፖሊሲ ድርብ ዕያርን ኣዕቤናቱን



ገጽ 5
ስንክልናን ትዕድልቲ ኣይኮነን!


ገጽ 7
ዋንጫ ኤውሮጳ 2024...



## ኣብ ዕቃበን ድሕነትን ኣከባቢ ዘተኮረ ስልጠና ይወሃብ ኣሎ



ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን ምስ ዞባዊ ማእከል ትንበት ክሊማን ትግበረን ኢጋድ (ICPAC) ብምትሕብባር፡ ካብ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን ኣካላት መንግስትን ንዝተዋጽኡ 35 ሞያውያን - ኣብ ተራ ቴክኖሎጂን ጂኦግራፍያዊ ስርዓት-ሓበሬታን ንጽቕቲ ዕቃበን ድሕነትን ኣከባቢ ስልጠና ወሃቢ።

ኣብዚ ካብ 11 ክሳብ 15 ሰነ ዝቕጽል ትምህርቲ፡ ካብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን፡ ዞባዊ ምምሕዳር፡ በጺሖም፡ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ከምኡ'ውን ካብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዝተወከሉ ክኢላታት ይሳተፉ ኣለው።

ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን - ዳይረክተር ጨንፈር ኣከባብያዊ ምሕደራን ቀጻጸርን ወ/ሮ ኣስቴር ረዳኢዝጊ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ተጠቀምትን ምልፋንን ሓበሬታ ኣከባቢ ንምሕያል፣ ዘላቕነት ንምውሓስ ኣድላዪ ዓቕሚ ንምምዕባል፣ ከምኡ'ውን ብዮኖብጥታት ዝተደገፈ መርሓን ወሳኒታትን ጂኦግራፍያዊ ሓበሬታ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ምዃኑ ገሊጹ።

ካብ ዩኒቨርሲቲ 'ማኬረረ' ናይ ኡጋንዳ ዝመጽአ ዶ/ር ዳንኤል ዋደሰዋ ድማ፡ እቲ ብዮኑበሪ እናተሰዋ ዝወሃብ ዘሎ ትምህርቲ፡ ኣብ ምምሕዳሕ ጂኦግራፍያዊ ሓበሬታን ምስ ኣከባቢ ተተሓሒዙ ኣብ ዝለዓል ጉዳያት ምምዕጋምን ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

ኤርትራ ምስ'ቲ ዞባዊ ማእከል ተረኣ ትጻወት ከምዘላ - ካብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።

## ጋሽ-ባርካ - ኣመሓዳሪ ዞባ ምስ ሓረስቶት ን/ዞባ ጎልጅ ርክብ ኣካዪዱ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክረምታዊ ንግዳዊ ሕርሻ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕደራን መዓላን ናይ ሕርሻ መሬት ንምዝታይ - ብ7 ሰነ ምስ ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ጎልጅ ርክብ ኣካዪዱ።

እቲ ንኡስ ዞባ፡ ሰፊሕ ክረምታዊ ሕርሻ ዝካየደሉን ዓብይቲ ሓረስቶት ንንግዲ ኣብ ዝጠመተ ዘራእቲ ዝጠዓሉን ቦታ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ሓረስቶት ሕርሻዊ እቶት ንምዕባይ ክንብርዎ ዝግባእ ጻዕርን ኣብ ምሕደራን መዓላን መሬት ክሰዓቡ ዝግብኦም መምርሒታትን ብዝምልከት - ቀጻሊ ርክብ ምክያድ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣገንዘበ።

ሓረስቶት፡ ነቲ ዘውንንዎ ናይ ሕርሻ መሬት ብግቡእ ከመሓድሩዎን ግቡኦም ኣማሊኦም ድሕነት ኣከባቢ ኣብ ግምት ብዝኣተወ ኣገባብ ክልምዑዎን ድማ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ክንዲ ናብ ስፍሓት መሬት ጥራይ፡ ኣብ'ቶም እቶታውነት ዘበርኹ ሜላታትን ኣገባባትን ማሕረስ ክተኩሩ፣ ከምኡ'ውን መሬቶም ብግቡእ ኣመሓዲሮም ኣብ ዝተፈቕደ መዓላ ጥራይ ብምትኳር ዓይነትን መጠንን ፍርያት ንምዕባይ ክሰርሑ እውን ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ዘርኣሚካኤል ብወገኑ፡ ምሕደራን ተጠቃምነትን መሬት ልዑል ጥንቃቐን ተገዳስነትን ከምዝሓትት ብምጥቃስ፡ ኣብ ገለ ሓረስቶት ዝርአ ዘይሕጋዊ ምውናን መሬት ሕርሻን ልዑል መጠን ብርስት ኣግራብን ክውገድ ኣዘኻኺሩ።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ኣመሓዳሪት ዞባ ምስ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ ተመያዪጣ

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብ8 ሰነ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ምስ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ - ናብ ሓፈሻዊ መደባት ልምዓት ናይ'ቲ ዞባ ዘተኮረ ርክብ ኣካዪዳ።

ወ/ሮ ኣስመረት፡ እተን ተሃኒጸን ዘለዋ ክዘንቲ ማይ ኣብ ህዝቢ ፈጢረናኦ ዘለዋ መስተርሆት ብቐሊል ከምዝርአ ብምርግጋጽ፡ ሕጂ እውን ወጻኢት ናይ'ቲ ህዝቢ ምስ ሓይልታት ምክልኻል ተሓባቢሩ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ልምዓት ማይ ኣብ ባይታ ደርኡ ስለዘሎ፡ ብዝሓየለ መልክዑ ክድፋኣሉ ምዃኑ ገሊጻ።

ወ/ሮ ኣስመረት እንተላይ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ብኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምኡ'ውን ምጽጋንን ምምዕሓን ናይ ሓመድ ጽርግያታት ድሕሪ ምዕዛብ፡ ምስ መራሕቲ ናይ'ቲ ስራሕ ሓሳብ ተለዋዊጣ።

ካብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ኣቶ ሕሩይ የውሃንስ ድማ፡ ኣብ 2024/25 ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣብ ሸዱሸተ ምምሕዳራት ከባቢ 8 መጠኑንኡስ ዲጋታት ንምህናጽ፣ 261 ሄክታር ከልምዕ ዝኽእል መእለዪ ውሒጅ ንምስራሕ፣ 515 ሄክታር ዝሸፍን ንጥፈታት ምፍዋስ ማይትክዖታት ንምስልሳል፣ ኣብ ሸውዓተ ምምሕዳራት ከባቢ 626 ሽሕ ማብቆላዊ ኣግራብ ንምትካል፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሕዳይ፡ ዔላጸሎምን ትኽሰን መጸናዕቲ ምንጪ ማይ ንምክያድ መደብ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ሓብር - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ናብ እትህዘና ዘላ መጠኑ ንኡስ ዲጋ ብምብጻሕ እውን ንተግበርትን ኣዋሃሃድትን ናይ'ቲ መደብ ኣተባቢዓ።





ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ን/ዞባ ሰገነይቲ

ስእሊ፡ ኣቤል በረኸት

ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ - ቅድሚ ናጽነት እውን ብመጠኑ ነይሩ እዩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ኣኽራር፡ ሓቡ፡ ደግሳን እንገላን ትካላት ጥዕና ነይረን። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ፡ ብዝተገበረለን ናይ ምስፋሕን ምምዕፋሕን መደብ፡ ገሊአን ናብ ኮማውያን ሆስፒታል፡ ገለ ከኣ ናብ መደበራት ጥዕና ዓብየን ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከባ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ናይ ሎም ትሕዝቶ ኣብ ዓምዲ ልምዓት፡ ንሓፈሻዊ ዝርጋሐ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ እንታይ ከምዝመስል ዝዳህሰሰ ክኸውን እዩ። ዚ. ሓበሬታ ዝሃበና ነርስ ሃይለ ዑቕባሚካኤል እዩ።

ተገልጋሊ ንምፍኳስ ብቑዕ ኣሎ። እቲ ነዊሕ ተጓዒዙ ኣገልግሎት ዝረክብ - ካብ 7 ኪ.ሜ ክሳብ 10 ኪ.ሜ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ሐቦ እታ ዝረሓቐት እትበሃል ሸዱሽተ ዓዲታት ጠርኒፉ ኣግልግሎት እትህብ መደበር ጥዕና ዘላዋ እያ።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኮማዊ ሆስፒታል ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ እኹልን ምዕቡልን ናውቲ መመርመሪ ሕክምና ኣሎ። ኣብ ርእሲኡ ኤለክትሪክ'ውን ብጸሓይ ዝምንጩ ጸዓት ስለ ዘለወ፡ ብሰሪ ሕጽረት ጸዓት ዝቦድል ስራሕ መርመራ የለን። ስለ'ዚ፡ እቲ ቅድሚ ሕጂ ንዚያዳ መርመራን ካልእን ናብ ደቀምሓረ ዝለኣኽ ዝነበረ ግዜን ጉልበትን ተሪፉ፡ ብምልኡ ኣብዘን

ዓቕሚ ሱብ'ውን እንተኾኑ፡ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ እኹል ሞያዊ ዓቕሚ ኣሎ።

ምስ ቀረብ መድሃኒትን ዓቕሚ ሞያውያን ኣባላትን ተጸሊሉ ዘይርአ መጉዓዝያ እዩ። ኣብ ሕክምና ካብን ናብን ሕሙማት፡ ነብሰ-ጾራትን ሓራሳትን ዘመላልሳ ኣምቡላንሳት የድልያ። ብመሰረት ሓበሬታ ነርስ ሃይለ ድማ፡ ሕሙማት ዘመላልሳ ክልተ ኣብ ሰገነይቲ፡ ሓንቲ ኣብ ደግሳ ሓንቲ ድማ ኣብ እንገላ - ኣርባዕተ ኣምቡላንሳት ስለ ዘለዋኦም፡ ዝጥቀስ ናይ መጓዓዝያ ጸገም የብሎምን።

ነርስ ሃይለ ከም ጸገም ዝጠቐሶ፡ ዝረኣዩ ሕማማት እዮም። ንምቁጽጻሮምን ንምግታኦምን ልዑል ጻዕሪ ከምዝግበር ነርስ ሃይለ ይገልጽ። ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ንጾሶን ቲቢን ከምኡ'ውን ዥም ዝተጠቕሱ ሕማማት ዝከታተሉ ኣብ 38 ዓዲታት ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣለዉ። ካብዚኦም እቶም ሽውዓተ ኣብ ቲቢ ዝተኮረ ምክትታል ዝገብሩን ቡቲ ሕማም ዝተለኽፈ ተኸታቲሎም መድሃኒት ዝህቡን እዮም።

ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ካብ ሕማም ዓሶ ናጻ ንምእዋጅ ጻዕሪ ይካየደለን ካብ ዘለዋ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ ሓንቲ እያ። ዚ. ሽቶ እዚ ንምዕዋት፡ ተጠቀምቲ ናመሲያ ብቐዳምነት ዝጥመት ኩይኑ፡ ህዝቢ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ንናመሲያ ብዝዓበኢ ይጥቀመሉ ኣሎን የሎን ዝከታተላ 40 ጉጅለታት ደቂ-ኣንስትዮ ተመዲበን ጽኑዕ ምክትታል ይካየድ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ኩሉ ዝካየድ ጻዕሪ ከኣ፡ ዝሓለፈ ዓመት መርመራ ተኻዪዱ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ብዓሶ ዝሓመመ ሱብ ኣይተረኽበን። ካልእ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ዋሕዲ ኣገልግሎት ጽሩይ ዝስተ ማይን ተርእዮ ማይ ወለድ ሕማማትን ከምዝዛየለ ነርስ ሃይለ ዑቕባሚካኤል ይሕብር።

ሕብረተሰብ ክኣቕሕ መጀመርታ ናይ ባህሪ ለውጢ ከማዕብል ኣለዎ። ናይ ባህሪ ለውጢ ምስ ኣምጽኣ'ዩ ምዕባለን ለውጥን ዝምዝገብ። እዚ ድማ ብትምህርቲን ቀጻሊ ጉስጓሳን ዝረጋገጽ እዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ኣብ መንእሰያትን ተማሃሮን ከኣ ብፍላይ፡ ንተመሓላለፍቲ ሕማማት ኤች.ኣይ.ቪ. ኤድስን ቲቢን ዝምልከት ጉስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ይወሃብ'ዩ። ንነፍሲ-ወከፍ ሕክምና ክርአ ዝቐረበ ሕሙም'ውን ኩነታት ጥዕናኡ ንምፍላጥ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ይካየደሉ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ተርእዮ ናይ'ቶም ከም ጸቕጢ ደም፡ ሽኮርን ኣዝማን ዝኣመሰሉ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣሎ። ነዚ ንምቕናስ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሱብ ኖቒሑ ጥዕናኡ ባዕሉ ክከታተል፡ ትካላት ጥዕና'ውን ኣብ'ዚ ዝተኮረ ጉስጓሳትን ኣስተምህሮን ክዛይዳ የድሊ። ክሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ ገና ምሉእ ብምሉእ ዘይተሓደገ ሃሳዪ ልምዲ እዩ። እዚ ጎዳኢ ልምዲ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ጓል-ኣንስተይቲ

ኣካላዊ ቃንዛን ሰቓይን ምስዓቡ ጥራይ ከይኣክል፡ ጠንቂ ሰንከልናን ሞትን ኣደን



ነርስ ሃይለ ዑቕባሚካኤል

ዕሸልን ኲይኑ ዝጸንሐን ዘሎን እዩ። እዚ ድሑር ባህሊ'ዚ ብምልኣት ንምግታእ እምበኣር፡ ጻዕርታት ይቕጽል ኣሎ።

ኣከባቢያዊ ጽሬት ወይ ንጽሕና፡ ሱብ ዘይተበከለ ጽሩይ ኣየርን ማይን ረኺቡ ጥዑይ ኲይኑ ክነብር ካብ ዘኽእልዎ መሰረታውያን ረቛሒታት ህይወት እዮም። እዚ ንክኸውን ግን ጉሓፍ ኣብ ዝግብኦ ቦታ ክጉሓፍን ሱብ ኣብ ክንዲ ኣብ ክፉት ቦታ ዓይኒ ምድሪ ሰሪሑ ክጥቀምን ጽሬት ከበቢ ካብ ዘውሕሱ ኣገባብት እዮም። እዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ብዝዓበኢ ዝሰርሓሉ ዘሎ ኩይኑ፡ ሰሙናዊ ረቡዕ መዓልቲ - ህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲን ተማሃሮን ብሱብ ሞያ ህዝባዊ ጥዕና እናተመርሑ ከባቢያዊ ጽሬት ከካይዱላ ዝተሓዝአት መዓልቲ እያ።

ኣብ ክንክን ጥዕና ኣደን ህጻንን ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ምስ እንምልከት፡ ነፍሰጾራት ኣደታት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ትሕቲ ትካላት ጥዕና ከምዝሓርሳ - እቲ ዝተወልደ ህጻን ይኹን ኣደታት ዘድልየን ክታበት ከምዝዋግልኣለን ይግበር። ውጽኢት መሰርሕ መዝገብ ክታበት ኣደን ህጻንን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ከምዝጸሮ ክሳብ - 89 ሚእታዊት ተበጺሑ ኣሎ።

ነርስ ሃይለ ዑቕባሚካኤል ኣብ መወዳእታ፡ ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡብ፡ ንነፍሲ-ወከፍ መደብ ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዓሶ፡ ቲቢ፡ ኤችኣይቪ ኤድስ፡ ሽኮር…ንመግሳገሲ ዘገልግል ፖስተራትን ካልእ ጽሑፋትን ብዘዘውበረሎም ኣቕርቦት ብምምስጋን፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላበዩ።




ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ሰለስተ ኮማውያን ሆስፒታላት ኣለዋ። ንሳተን ከኣ፡ ሓንቲ ኣብ ከተማ ሰገነይቲ፡ ሓንቲ ኣብ ደግሳ፡ ሓንቲ ኣብ እንገላ ይርከባ። ዝጠዝሕ ህዝቢ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ብቐረባ ዝተጠቕሳ ኮማውያን ሆስፒታላት'ዩ ዝካየድ። ኑቲ ሓሊፉ ዘጋጥም ሕጽረት መድሃኒት ከኣ፡ ምስ'ተን መድሃኒት ዘለወን ትካላት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ እናተረዳዳኣ ከም ዝፍታሕ ይግበር።

ፍታሕ ዝጠልብ ሕጽረት ማይ ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ሰገነይቲ እዩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይ'ዚ ከኣ፡ እቲ ትካል ጥዕና ካብ ፈለማኡ ክህነጽ እንከሎ ኣብ ግምት ኣትዩ ዘይተሰርሓሉ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ዝቐጸለ ሓድሽ ምዝርጋሕ ማስመር ማይ ከተማ'ውን፡ ዳግመ-ግምት ከምዝይተዋህቦ እዩ ዝረድእ። እቲ ጸገም ከኣ ብኸምኡ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ንምፍታሕ በምባ ክዝርጋሓሉ ዝተወጠነ መደብ እኳ እንተሎ፡ መስርሕ ትግበረኡ ካብ መጠን ንላዕሊ ይምጠጥ ብምህላዉ፡ ዝምልከቶ ኣካል ቅልጡፍ ቀላሕታ ሂቡ ክፈትሓሎም ይጽውዕ።

ከም ስርዓት-ምስትንፋስ፡ ጉንፋዕ፡ ኑመንያ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ጉሊሖም



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

<u>9ይ ክፋል</u>

<u>ሲራክ ክፍለ</u>

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባ ማሕበረሰብ፣ ማሕበራዊ ኣምራትን ሓሳባትን፣ ድኻም ኣፍረቃውያን ጸሓፍቲን ምቅዋሕ ማሕበረ-ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ሓሳባትን፣ ምዕራባዊ ትንታነ ብዛዕባ ማሕበራዊ ኣቋውማን ዝምድናን ሕብረተሰባት ገሊጽና ነይርና። ካብ ትንታነ ማሕበራዊ ኣቋውማ ምዕራባዊ ሕብረተሰብ ተበጊሶም ምስ ኩነታት ከበባኦም ዘይሳነይ ሓሳባት ካብ ዝጸሓፉ እውን ንየማን ሆብስ ጆን ሎክን ኣቕሪብና። ቀጺልና ኣብ ኣመዳድባ ሕብረተሰባት ዘሎ ዝውተር ግን ከኣ ግጉይ ኣገላልጻ ክንርኢ ኢና።*

***

### ቀዳማይ፡ ካልኣይ ሳልሳይ-ዓለም ሃገራት

ንሃገራት ኣፍሪቃ ሳልሳይ-ዓለም፡ ንሃገራት ምዕራብ ቀዳማይ-ዓለም እናበልካ ምግላጽ ልሙድ እዩ። ከም ልሙድ ወሲድናዮ እውን መብዝሕትና ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ከምዚ ዝኣመሰለ ኣምራት ንጥቀመሉ ኢና። ከምዚ ዓይነት መግለጺ ንቁጠባ ሃገራት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣመዳድባ ይመስል። የግዳስ ዋላ'ውን ብኣሉታዊ መልክዑ ኣይገልጽ፡ ምስ ኩነታት ዓለምና ዘሰይድ ኣይኮነን።

ሎሚ ኣብ ዓለም ልዕሊ 200፡ ኣብ ኣፍሪቃ ከኣ ብውሑዱ ዝፍለጣ 54 ሃገራት ኣለዋ። ሃገራት ከም ልኡላዊ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ውዳቤ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለወን ጥራይ ዘይኮነስ መግለጺ መንነት፡ ብልሕሉሕ መልክዑ ከኣ መግለጺ ባህልን ቁጠባን ሕብረተሰባት ምዃነን ኣይስሓትን። ብዛዕባ መነባብሮ ሰባት ኣብ ምግላጽ ግን፡ ቀዳማይን ሳልሳይን ዓለም ዝበሃል ኣመዳድባ ግብራዊ ትርጉም የብሉን። ኣብ ኣመራጋ ብዝበልየናት ዶላራት ዝናበሩ ሰባትን ፍሉያት ማሕበራዊ ጉጅለታትን ሃልዮም፡ ካብ ኢደም ናብ ኣፎም ዝነብሩ ከኣ ብዙሓት ሰባትን ማሕበራዊ ጉጅለታትን ኣለዉ። ከምቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመራጋ ዘሎ እምበር መጠን ፍልልይ ኣታዊታትን ንብረትን ኣብ ካልኦት ሃገራት ይሃሉ ኣይሃሉ ብዘየገድስ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኣዝዩ ልዑል ኣታዊ፡ ንብረትን መነባብሮን ዘለዎም ውሑዳትን ብዙሓት ድኻታትን ኣለዉ። ቅጥዒ ዘይብሉ ፍልልይ ኣታውን ንብረትን መነባብሮን ኣብ ዘለዋ ዓለም ከኣ ናይ ኩሉ ዜጋ ቁጠባዊ ረብሓ ሓደ እዩ ኢልካ ምሕሳብ፡ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን።

ማሕበረሰባት ሸቃሎን ብርጆዋን ኢልካ ኣብ ክልተ ደርቢ ምምቃል እውን ግዜኡ ሓሊፍዎ እዩ። ከምኡ ድማ ንሕብረተሰባት ዓለም ኣብ ሰለስተ ምምቃል ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ትንታነ ብዙሕ ትርጉም ኣይህብን።

ኣቓዲምና እንዳዊ፡ መሰፍናዊ፡ ርእሰማላዊ ባህርያት ማሕበረሰባት ብሰፊሑ ገሊጽና ነይርና። ናይ ምዕራብ ሃገራት ርእሰማላዊ ሕብረተሰብ እዩን ምባል ትርጉም ክህልዎ ይኽእል ይኸውን፡ ብቐንዱ እንዳውን መሰፍናዊን ዝምድና ማእቶት ስለዝተረፈ። ንሱ'ውን ኣብ ምዕራብ ዘሎ "ፖለቲካዊ-እንዳዊነት" (Political Tribalism) ከይተዘንገዐ ማለት እዩ። ኣብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ከኣ ይብዝሕ ይወሓድ፡ እንዳዊ፡ መሰፍናዊ፡ ርእሰማላዊ መልክዓት ስርዓትን መነባብሮን ገና ተጠሚሩ ዝሰይድ ዘሎ እዩ።

### ኣገዳስነት ግዜን ቦታን



ማሕበረሰብ ክንብል እንከለና፡ ዝነበሩን ዘለዉን ወለዶታት ኢና ኮይሑሕዝ። ንኣብነት ባህልናን ልምድናን ክንብል እንከለና ብዛዕባ ሕሉፍ ወለዶታት ዘጸንሑልና ልምዲ ባህሊ ኢና እንዛረብ ዘለና፣ ምስ ግዜ ክሳብ ክንደይ ተቐይሩ ብዘየገድስ።

ብዛዕባ ልምድን ባህልን ክንዛረብ እንከለና፡ ብዋዜ ጥራይ ኣይኮናን ንድሕሪት ንምለስ፡ እንተላይ ብቦታ እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን፡ ብዙሓት ንእስ ዝበላ ኣብ ውሱን ከባቢ ዝነብራ/ዝንቀሳቐሳ ማሕበረሰባት ነይረን፣ ቅድሚ 200-300 ዓመት ድማ ኣዝየን ንኣሽቱ፡ ኣዕርየን ዝጠዙላ ግን ከኣ ኣብ ዝጸበበ ከባቢ ዝነብራ/ዝንቀሳቐሳ ማሕበረሰባት ነይረን። እዘን ኩለን ማሕበረሰባት ልምዲ ይወራረሳ ከምዝነበራ ፍሉጥ እዩ። ይኹን'ምበር ናይ ገለ ከባቢታት ልምዲ ናብ ካልእ ከባቢታት ከይተሰጋገረ ክጸንሕ ባህርያዊ እዩ። በዚ እዩ ከኣ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ከም ውልቀሰብ ዘይንፈልጦ ልምዲ ጥራይ ዘይኮነ ኣጠቓቕማ ቋንቋ'ውን እንርኢ።

ብዙሕነት ልምድታትን ባህልን ከም ሓደ ሕብረተሰብ ሃብቲም ዝነበረና እዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ግን፡ ናትና (ናይ ኤርትራ) እንብሎ ኣማኢት ዓመታት ዝገበረ ልምዲ ናይ ውሱናት ከባቢታት (ቦታታት)ልምዲ እዩ። ኣብዚ እቲ ቀንዲ መልእኽቲ፡ ብዛዕባ ልምዲን ታሪኽን ክንዛረብ እንከለና ኣብ ግዜን-ቦታን ንድሕሪት ንምለስ ከም ዘለና ንምንጻር እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ኣዝዮም ብዙሓት ልምድታትን ታሪኽን ኣለዉ። ንኤርትራ፡ ኤርትራ ዝገብራ ድማ ድምር ናይ ኩሉ ልምድታት፡ ባህሊ፡ ታሪኽ እዩ። ከምዚ ዓይነት ብዙሕነት፡ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩለን ዘመናውያን ሃገራት ዘሎ እዩ። ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ልምዲ፡ ባህሊ፡ ታሪኽ፡ ሓደ ውልቀሰብ ብምሉኡ ክፈልጦ ዘይከኣል እዩ። ንኹሉ ብማዕረ ምርኣይን ምኽባርን ግን ሰናይ ድልየት፡ ወይ ምርጫ ዘይኮነስ ግድን እዩ።

### ዓለምለኻውነትን ደረጃ ምዕባለን

ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ሰብን ነገራትን ዘራኽብ መጓዓዝያ - መሬት፡ ባሕሪ፡ ኣየር - ኣብ ግምት እእቲኻ፡ ዓለምና ተቐራሪባ ክበሃል ይከኣል እዩ። ብመንጽር ሓበሬታ ከኣ ዓለም ተላጊባ ክንብል ንኽእል። ከምዚ ዓይነት ምቅርራብ ግን ብምቅርራብ ቦታ ዘይኮነስ ብቐንዱ፡ ብመንጽር ምሕጻር ግዜ እዩ ዝገለጽ።

ንኣብነት ርሕቀት ካብ ሮማ ንዓጽዕ ብመሬት ኣስታት 7,500 ኪሎሜትር፡ ብባሕሪ ኣስታት 5,500 ኪሎሜትር፡ ብኣየር ከኣ ኣስታት 3,900 ኪሎሜትር እዩ። ጣልያን ኤርትራ ኣብ ዝኣተወትሉ ግዜ ጉዕዞ ብባሕሪ ኣዋርሕ ይወስድ ነይሩ። ሎሚ ዘመናውያን መራኸቢ ኣብ ክልተ ሰሙን ክበጽሓ ይኽእላ። ብኣየር ከኣ፡ ሎሚ ካብ ሮማ ንዓጽዕ ኣብ ውሽጢ 5 ሰዓትን 30 ደቒቕን ምብጻሕ ይከኣል። ሮማን ዓጽዕን ኣብ ናይ ወትሩ ቦታአን ሃልየን፡ ዝተቐራረባ ብሳላ ተክኖሎጂ፡ ብመንጽር ግዜ ጥራይ እዩ።

ብመንጽር ምትዕግጋር ሓበሬታ፡ ጣልያን ኣብ ኤርትራ እግራ ኣብ ዘክበረትሉ ግዜ፡ ካብ ሮማ ንዓሰብ ብመርከብ ዝለኣኽ ሓበሬታ ኣዋርሕ ይወስድ ነይሩ። ቴሌግራም ምስ ጀመረ ሓጺር ሓበሬታ (ቴሌግራም ኣዝዩ ክቡር ብምንባሩ ዝለኣኽ ሓበሬታ ካብ ሓደ ክልተ መስመር ዝጠዝሕ ኣይነበረን) ኣብ ደቓይቕ ክበጽሕ ክኢሉ። ሎሚ ኣብ ዘመን ፋይበር-ኦፕቲክ ሓበሬታ ብዘሉ ብዘየገድስ ብቕጽበት ይበጽሕ ኣሎ። ሎሚ ኣብ ኣየናይ ኩርናዕ ዓለም ኣለኻ ብዘየገድስ፡ ዝደለኻዮ ሓበሬታ ኣብ ሓደ እዋን ናይ ምርካብ ኣኽእሎ ኣሎ። ንኣብነት ሓደ ሰብ ኣብ ናቕፋ፡ ዱባይ፡ ኒውዮርክ፡ ፍራንክፈርት፡ በጂን ምህላዉ ብዘየገድስ ኣብ ሓደ እዋን ካብ EriTV: CNN: BBC ካልኦትን ሓበሬታ ክረኽብ ጸገም የብሉን። ፋይበር-ኦፕቲክ ኮነ ካልእ ናይ ሓበሬታ መራኸቢታት፡ ቦታ ኣይኮነን ኣቀራሪቡ፡ ግዜ እዩ ኣሕጺሩ።

ናይ መጓዓዝያን፡ ሓበሬታን መራኸቢ ግዜ ብምሕጻሩ፡ ከምዚ ዓለም ሓንቲ ዝኾነት ክስመዓና ባህርያዊ እዩ። ብዘይጥርጥር ከኣ በልየናት ሰባት ነዚ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ'ዚ ዝፈጠሮ ዕድላት ይጥቀምሉ ኣለዉ። ብማሕበረሰብ ደረጃ (ሃገር) ክንሓስብ እንከለና ግን ኩሉ ዜጋ ማዕረ ዕድል ረኺቡ ምባል ልክዕ ኣይኮነን። እዚ ናይ ተኽኖሎጂ ምዕባለ ዝፈጠሮ ዕድል፡ ይትረፍዶ ብዓለም ደረጃ፡ ቡዙን ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት ደረጃ'ውን ኣብ መንጎ ማሕበራዊ-ጉጅለታት ዓቢ ፍልልያት ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ነዚ ዓለምና በጺሓቶ ዘላ ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ ንምርካብ ዕድል ዘለዎም ሰባት ዓሰርተታት ወይ'ውን ኣማኢት ሚልዮናት ኣለዉ ምባል ልክዕ ኮይኑ፡ እዚ ዕድል ከም ናይ ቀትሪ ሕልሚ ኮይኑ ዝስመዖም ሰባት ዓሰርተታት ሚልዮናት ምህላዎም እዉን ሓቂ እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣብ ውሽጢ ሃገራት ዘሎ ናይ ማሕበራዊ ጉጅለታት ፍልልይ ንምዝኻሩ ንኺ ጉዳያት፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ዘሎ ተዛማዲ ፍልልይ ብሓፈሻ ወይ'ውን ብዝርዝር ምግላጽ ይከኣል እዩ።

ከምዚ ዓይነት ተዛማዲ ፍልልይ ዕድል ምርካብ፡ ንኣብነት ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂ ኣብ መንጎ ሃገራት፡ ብሓርፋፍ (lightly) ብዋዜ መልክዕ ምግላጹ'ውን ይከኣል እዩ። ንኣብነት ኤርትራ ሎሚ ኣብ ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂ ዘሎዋ ደረጃ ምዕባለ፡ ኣመሪካ ቅድሚ 10 ዓመት፡ 20 ዓመት፡ ወይ'ውን 50 ዓመት ዝበጽሖ ደረጃ ምዕባለ እዩ ምባል ይከኣል እዩ። ብዘይ ጥርጥር ልክዕ ኣገላልጻ ኣይኮነን፡ ግን እዚ መግለጺ'ዚ ቃል ብቓሉ ከይወሰድካ፡ ከምዚ ዓይነት ሓርፋፍ መግለጺ ኣብ ሓደ ፍሉይ ሓሳብ፡ ትካል ወይ ተግባር ደረጃ ሃገራት ኣዛሚድካ ንምግላጽ ሓጋዚ እዩ።

ከምዚ ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ተመሳሳሊ ኣገላልጻ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ መዳያት እውን ምግባር ይከኣል እዩ።

ንኣብነት ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ብዛዕባ "ሓፈሻዊ ኣምራት"፡ ክሳብ "ዝርዝራዊ ተግባራት" ሓደ ጭብጢ ኣርእስቲ ኣልዒልካ፡ ናይ ሓደ ሃገር ገምጋም ወይ'ውን ናይ ክልተ ሃገራት ተዛማዲ ገምጋም ወይ ትንታነ ምግባር ይከኣል እዩ። "ሓፈሻዊ ኣምራት" ክንብል እንከለና፡ "ፖለቲካዊ ስርዓት"፡ "ቅዋም"፡ "ግዝኣት ሕጊ"፡ "ደሞክራሲ"፡ "ማሕበራዊ መሰል"፡ "ሰብኣዊ መሰላት"፡ ወዘተ. ብዛዕባ ሓደ ሃገር ወይ'ውን ብተዛማዲ ክልተ ሃገራት ገምጋም ወይ ትንታነ ምግባር ማለት ኮይኑ፡ ከምዚ ዓይነት ገምጋም፡ ብብዙሓት ኣህጉራዊ ትካላትን ክኢላታትን ዝውቱር እዩ።

ከም ኣማራጺ ከኣ፡ ነዞም "ሓፈሻዊ ኣምራት" ንኣብነት "ሰብኣዊ መሰላት" ኣብ "ዝርዝራዊ ተግባራት" ኣወሪድካ ኣብ ከም "መሰል ቀረብ ማይ"፡ ብደረጃ ሃገር ወይ ብተዛማዲ ክልተ ሃገራት ገምጋም ምግባርን ትንታነ ምቕራብን ይከኣል እዩ። ካብኡ ሓሊፍካ'ውን ኣብ ክንዲ ብደረጃ ሃገር ጥራይ፡ ኣብ ማሕበራዊ ጉጅለታት ወሪድካ ገምጋምን ትንታነን ምግባር ተመራጺ ዝኾነሉ እዋናት ኣሎ። ነዚ ንምብራህ ናይ ቁጠባ ኣብነት ክንርኢ፡

ኣብ ቁጠባ፡ ንሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊ ሃገራት (GDP) ኣመልኪቱ ብዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ውድባት ጸብጻብ ይቐርብ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣታዊ ሃገር፡ ብመንጽር ብዝሒ ነበርቲ ሃገር ማለት "ብመጠን ተቐመጥቲ" (per capita)፡ ብናይ "ምግዛእ ዓቕሚ" (purchasing power)፣ ናይ ሃገራት ገምጋማትን ትንታነታትን ይግበር እዩ። ሓሓሊፉ ኣብ ውሽጢ ሃገራት ዘሎ ፍልልይ'ውን ይግለጽ እዩ። እዚ ኹሉ ኣገዳሲ ሓበሬታ እዩ። ይኹን'ምበር ናይ ሓንቲ ሃገር ሓፈሻዊ ኣታዊ (እንተላይ ብናይ ውልቀ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ዝገለጽ ሓበሬታ) ዓብይቲ ድኻማት ኣለዎ። ንኣብነት ተቐመጥቲ ሓንቲ ሃገር ሓደ ሚልዮን ኮይኖም፡ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣታዊ ናይታ ሃገር ሓደ ብልዮን ዶላር እንተኾይኑ፡ ብውልቂ ደረጃ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይታ ሃገር 1,000 ዶላር ኣታዊ ከምዝለዎ የስምዕ። ብግብሪ ግን፡ ሓደ ሽሕ ውልቀሰባት 90% ናይታ ሃገር ኣታዊ ዝውንኑ ክኾኑ ይኽእሉ፣ እቶም ዝተረፉ 999,000 ሰባት ከኣ 10% ካብቲ ሓፈሻዊ ሃገራዊ እቶት ይማቐሉ ይኾኑ። እዚ ሰባት ብዘለዎም ኣታዊ ገዚኦም ክግለጽ እንከሎ እንታይ ማለት እዩ? እቶም 1,000 ውልቀሰባት ነፍሲወከፎም ኣብ ዓመት 900,000 ዶላር ኣታዊ ክህልዎም እንከሎ፡ እቶም ዝተረፉ 999,000 ሰባት ከኣ ነፍሲወከፎም ኣብ ዓመት 100 ዶላር ኣታዊ ኣለዎም ማለት እዩ።

ብኣንጻሩ ኣብ ካልእ ተመጣጣኒ ብዝሒ ህዝብን ሓፈሻዊ ዓመታዊ እቶትን ዘለዋ ሃገር፡ እቶም ሳዕለዋይ ኣታዊ ዘለዎም ውልቀሰባት 100,000 ኮይኖም ኣታዊኦም ከኣ 50% ካብ ሓፈሻዊ ዓመታዊ እቶት ሃገር እንተኾይኑ፡ ናይ ነፍሲ ወከፎም ዓመታዊ ኣታዊ 5,000 ዶላር ክኸውን እንከሎ፡ ናይቶም ታሕተዎት ኣታዊ ከኣ ከባቢ 555 ዶላር ይበጽሕ። እዘን ክልተ ሃገራት ኣብቲ ብልምዲ ዝዘውተር ናይ ሃገራት ጸብጻባት ደረጃ ቁጠባ ምዕባለ ብሃገር ደረጃ ይኹኑ፡ ብመጠን ተቐመጥቲ፡ ማዕረ ሓፈሻዊ ሃገራዊ እቶት ኣለወን። ካብዚ ተበጊስካ ዜጋታት እዘን ክልተ ሃገራት ተመጣጣኒ ኣታዊን ሃብትን መነባብሮን ኣለዎም ምባል ግን ግጉይ መደምደምታ እዩ። ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሕን ዘይምዕሩይ ዝርጋሐ ኣታዊን ሃብትን ኣብ መጽሓፍ ቁጺ. 3 ብዝጭብጥ ዳታ ዝተሰነየ ሓበሬታ ክቐርብ ምኳኑ ክንገልጽ ንደሊ። ካብ ሓፈሻዊ ናብ ዝርዝር ብምውራድ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ጉዳያት ብኸመይ ክግምገም ይግባእ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፋትና ክንርእዮ ኢና። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ፡ ንሃገራት ብሓፈሻ ቀዳማይ'ዶ ሳልሳይ ዓለም ኢልካ ምግላጽን ምውድዳርን ሓጋዚ ዘይምዃኑ ምንጻር እዩ።




**ይቕጽል**

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ፖሊሲ ድርብ ዕያርን ሳዕቤናቱን

ከም ዝፍለጥ ዓለምና ልዕሊ ዝኾነ እዋን፡ ከቢድ ሓደጋ ኲናት ኣንጸላሊይዋ ይርከብ። ኣብ ድርብ መዐቐኒታት ዝተመስረተ ፖሊሲ ምዕራብ ዝጠንቁ ዝተሓላለኸ ጸገማት ኣብ መላእ ዓለም ይኸሰት ኣሎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ግጉይ ፖሊሲ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኲናት ተወሊዑ ይርከብ። ሓደ ካብ'ዚ ብሃገራት ምዕራብ ዝነሳገስ ዘሎ ኲናት ኣንጻር ሩሲያ ኾይኑ፡ ብመራሕነት ኣመሪካ ዝቐየሰን ዕላምኡ ድማ ዕብለላ ኣመሪካ ደጊምካ ንምርግጋጽ ዝሓለነ እዩ።

ነዚ ንምስላጥ ኣመሪካ ኣብ መላእ ዓለም ናይ ውክልና ኲናት (proxy-war) ብምስዋር፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ዓለም ከቢድ ጥፍኣት ንዕዙብ ኣለና! ኣመሪካ ኣብ ኤውሮጳ ዘሳወረቶ ኲናት ብቐንዱ ንሩሲያ ዕላማ ዝገበረ ኾይኑ፡ ንህዝቢ ዩክሬይን ከቢድ ዋጋ ክኸፍል ቀሲቡ ኣሎ። ነዚ ኲናት ብጽውት ንምዝዛሙ ክሳብ ሕጂ 150 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ወጻኢ ክትገብር ከላ፡ ብተወሳኺ እልቢ ዘይብሉ ኣጽዋር ናብ ዩክሬይን ትጓርት ኣላ።

ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ ሕጂ'ውን ኣመሪካ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2024 ብገፊሕ ድምጺ ንዩክሬይን ተወሳኺ 95 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ክወሃባ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ ኣሎ፣ እዚ ንሩሲያ ብኹሉ ሸነኻ ንምድማያ ዝግበር ዘሎ ሸርሒ ኾይኑ፡ ኣቐዲሙ ናይ ድረታ ስጉምቲ`ዩ ክውሰደላ ጸኒሑ። በዚ መንጽር እቲ ናይ መውዳእታ ዕላማ ንሩሲያ ካብ ስርዓት ስዊፍት ኣሊኻ፡ ንግዲ ጋዝን ነዳድን ሩሲያ ምስ ኤውሮጳ በቲኽካ፡ ንመስመር ጋዝ ኖርድ-ስትሪም ኣዕኒኻ፡ ንሩሲያ ብምልኣት ምድኻም፡ ዝኣመሰሉ ኣጀንዳታት ይርከብዎ።

ብኻልእ ሸነኽ ተመሳሳሊ ዕላማ ዘለዎ ኲናት ኣብ ኤስያ ንቻይና ዕላማ ዝገበረ ኣብ ምብርጋስ ትሰርሕ ኣላ። እዚ ብጉዳይ ታይዋን ክኻየር ተደልዩ ዘሎ ኲናት፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣብቲ ዞባ ጸጥታዊ ሽግራት ኮይኑ ክቕጽል ምጃንሑ ይፍለጥ። ኣመሪካ ንጸጥታዊ ድሕነታ ሓደጋ`ዮን ዝበለተን ሃገራት ሩሲያ፡ ቻይና፡ ኢራን ዝለዓለ ኣተኲሮ ሂባ ክትሰርሓለን ምጃንሓ ኣይዝንጋዕን። ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ ዕንደራ ሕጂ`ውን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ንኢራን ዕላማ ዝገበረ ኲናት ብምስምስ ኑበሰ ምክልኻል እስራኤል ፈሊማ ትርከብ።

ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብሰንኪ ዘኻየደቶ ኲናት ሂወት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዜጋታት እቲ ዞባ ምህላቖም ይዝከር። ሕጂ'ውን ኣመሪካ ድሕሪ እቲ ብሓማስ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝተወስደ መጥቃዕቲ ንምምኽናይ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣጀንዳታታ ብሰፊሑ ንምትግባሩ ትንቀሳቐስ ኣላ። ኣመሪካ ነዚ ኩነታት ኣመልኪታ ከተውጽኦም ኣብ ዝጸንሐት መግለጺታት፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ እዋን




ጸግዒ ናይ እስራኤል ከም ትኸውንን ኣብ ምትርናዕ ወተሃደራዊ ዓቕሚ እስራኤል ኣበርቲዓ ከም እትሰርሕን ምፍላጣ ዝዝከር እዩ። ብኻልእ ሸነኽ ኣመሪካ እትርከበን ገለ ሃገራት ምዕራብ ነቲ ብሓማስ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ግብረ-ሽበራዊ `ዩ ብምባል፡ እስራኤል ኑብሳ ንምክልኻል ኣድላዪ ሓገዝ ከም ዝጉበራ የጽረሩ። እዚ ዝእምቶ ሓቂ እንተሎ፡ ሃገራት ምዕራብ ነቲ ዝኽተልኦ ዘለዋ ዘይፍትሓዊ ኣካይዳ ኣብ ድርብ ዕያር ዝተመርኰሰ ምኳኑ ዘጉልሕ እዩ።



ብሓፈሻ ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘለዋ ረብሓታት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ እዋን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከም ዘይተእትዎ እያ ትጠቅስ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣንጻር ገሲጋስ ቻይና ዕላማ ዝገበረ ዝተፈላለየ ውጥናት ኣብ ምሕንጻጽ ተጸሚዳ ኣላ። ኣቐዲሙ'ውን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ብሓደሽ ማእከላይ ምብራቕ ዝፍለጥ ካርታ ንሃገራት ዓለም ኣፍሊጡ ምንባሩ ኣይርሳዕን። እዚ ንተበግሶታት ቻይና ሓደ መገዲ ሓደ ቅናት ንምብርዓን ዝተሓንጸጸ ካርታ፡ ብቐንዱ ካብ ሃገረ ህንዲ ንማእከላይ ምብራቕ ዝዝርጋሕ መስመር ብምህናጽ ናይ ኣመሪካ ዕብለላ ኣብ'ቲ ዞባ ክዉን ንምግባሩ ዝሓለነ`ዩ። ከም ዝፍለጥ ቻይና ድሕሪ ኣብ መንጎ ኢራንን ስዑዲ ዓረብን ዲፕሎማሲያዊ ሽርክነት ንኽፍጠር ዝተጻወተቶ መሪሕ ተራ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዓቢ ግደ ክትጻወት ትርእ ኣላ። ነዚ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ንምፍትሑ'ውን ኣድላይ ዝኾነ ጻዕሪ ከተካይድ ምኳና ይጥቀስ። ቻይና ክንጸ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ኣብ ቁጠባ እውን እታ ዝለዓለት ንግዳዊት መሻርኽቲ ማእከላይ ምብራቕ ትኸውን ስለ ዘላ፡ ነዚ ገሲጋስ ብኢጋኡ ንምቍጻዩ ዝሕለን ዘሎ'ዩ። ኣመሪካ ኢራን ወናኒት ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ከይትኸውን ሰፊሕ ናይ ድረታ ውጥናት ክትዩደላ ጸኒሑ እዩ። እዚ ሕጂ ብምኽንያት ቓዛ ተወሊዑ ዘሎ ኲናት ብቐጥታ ንኢራን ዕላማ ዝገበረ እዩ።

ሃገራት ዓለም ኣብ'ዚ ተኸሲቱ ዘሎ ኲናት ዘለወን መርገጺ በበእዋኑ ከፍልጣ ጸኒሐን እየን። ሩሲያ ብወገና ንዘሎ ህሉው ኩነታት ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ርእይቶ፡ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት ወጻኢ ፖሊሲ ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ከምዝፈሸለ ዘርኢ ምኳኑ እያ ትምጉት። ቻይና ብወገና ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት ንምፍትሑ ዲፕሎማሲያዊ መገዲ እንኮ መፍትሒ ምኳኑ ትኣምን። ብኻልእ ሸነኽ ባይቶ ጸጥታ ኣብ'ዚ ጉዳይ ዘቕረቦ ተደጋጋሚ ኣኼባ ብዘይ ፍረ ምብታኑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ግን ብዑብላሊ ድምጺ ቶኽሲ ደው ክብልን ሰብኣዊ ረዲኤት ክውሓስን ጸዊዑ ኣሎ። በዚ መንጽር ኑቲ ዝወጸ ውሳነ 120 ሃገራት ደጊፈን ክስምዓ ኸለዋ፡ 14 ተቓዊመን፡ 45 ድማ ድምጸን ዓቒበን። መርገጺታት ሃገራት ምዕራብ፡ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ኣብ መዐቀኒታት ድርብ ዕያር ዝተመርኰሰ ስለ ዝኾነ ኣብ ዩክሬይን ይኹን ኣብ ፍልስጤም ዝኾነ እወታዊ ተራ ክጻወት ኣይተራእየን።

### መደምደምታ

ብሓፈሻ ኣመሪካን መሻርኽታን ዝኽተልኦ ኣብ መዐቀኒታት ድርብ ዕያር ዝተመስረተ ፖሊሲ ኣብ መላእ ዓለም ፈጢርዎ ዘሎ ዕንወት መዳርግቲ የብሉን። ስርዓት ዋሽንግቱን ኣብ ካልእ ዞባ ኲናት የተባብዕ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ምስ ረብሓታቱ ዘይቃዶ ኲናት ብትሪ ይኹንን። ከም'ዚ ዝበለ ኣካይዳ ብመሰረቱ ኑቲ ዘይቅርዕው ኣካይዳ ሃገራት ምዕራብን ናይ ኣሰጉዳድ ፖሊሲኣንን ዘማዛደ ፍጻመ እዩ። ብቐንዱ ዝሓሸ መረዳእታን ንቕሓትን ህዝብታት ዓለም ይብርኽ ምስ ምህላው፡ ዓለምና ካብ እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ወጺኣ ናብ ብዙሓዊ ስርዓት እትኣትወሉ መድረኽ ርሑቕ ኣይኮነን።

**ናሆም ተስፋሚካኤል**
ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ካልእ ሸነኽ ናይቲ ሓጹር

ሱራፌል ተ.

ዕምባባታት ምትካልን ምክንኻንን ዘሐጉሳን ዘሐብናን መንእሰይ ነበረት። ካንሸሎኣምን ውሽጢ ቤቶምን ብዕምባባታት ከም ዝውቅብ ጌራቶ ነበረት። ፍቕርን ምክንኻንን ዕምባባታት ዝመሃረታ ዓባያ'ያ። ዝረኣየቶ ጽቡቕ ዕምባባ ኣብ ካንሸሎኣ ክህሉ ክቱር ድሌት ነበራ። በዚ ኸኣ ኣብቲ ከተማ ብጽባቐን ብዙሕነትን ዕምባባታት ካብ ናታ ዝበልጽ ኣይነበረን።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ መጽሔት ስእሊ ናይ ሓንቲ ዝዓምበበት ተኽሊ ረኣየት። እታ ተኽሊ ንቕመትን ንጉድን ጽቡቕ እትዓቢ፡ ክሳብ 2 ሜትሮ ዝበጽሕ ቍመት ነበራ። ዕምባባኣ ክቕላዕ እንክሎ ዘሎዎ ግርማ ማዳርግቲ ኣይነበሮን። ከምኡ ዝበለ ዕምባባ ርእያ ስለ ዘይትፈልጥ ኣብ ገዝኣ ክትህሉ ደለየት። ኲሉ ዝከኣላ ገይራ ከተምጽኣ ሓለነት። ከም ዝሓሰበቶ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ፡ ዘርኢ ናይ'ታ ተኽሊ ረኺበት'ሞ፡ ብድሕሪ ገዝኣም ኣብ ዝነበረ ቅርዓት፡ ናብ ነጸላ መንደቖም ብምጽጋዕ፡ ቦታ ኣለማሊማ ቀንያ ተኸለታ። ሕልፊ ካልእ ኣታኽልታ ድማ ተኸናኸነታ።

እታ ተኽሊ ዕብየታ ቅልጡፍ ነበረ። ድሙቕ ቀጠልያ ዝሕብሩ ቈጽላ ኣጕላዕሊዑ፡ ጨናፍራን ጕንዳን ከም ዘይርአ ኰነት። ገና ዕምባባኣ ከየወጽኣት'ኳ ምልክዕቲ ነበረት። እዛ መንእሰይ፡ መዓልቲ ድሕሪ መዓልቲ ማይ ኣስተየታ፡ ኰስኲስታ፡ ዳህሰሰታን ክንዲ ምንታይ ጽብቕቲ ምዃና ነገረታን፣ እንተኾነ ዕምባባ ናይ ምውጻእ ኣመት ኣየርኣየትን።

እታ መንእሰይ፡ ድሕሪ'ቲ ሰሙናት ዝወሰደ ዘየዕርፍ ክንክን፡ ኣብ ቅድሚ እታ ተኽሊ ደው ኢላ ሓሰበት። ክትዕምብብ ዘይምኽኣላ ኸኣ ቂር በላ። ንዓኣ ቈሪጻ ካልእ ተኽሊ ክትተክል'ውን ሓሳብ መጽኣ። ኣብቲ ጕሮቤት ዘላ ካልእ መንእሰይ፡ በቲ ኳና ተቐልቀለት'ሞ ናይ ንግሆ ሰላምታ ተለዋወጣ። እታ መንእሰይ ቀልጢፋ ናብቲ ናይቲ ተኽሊ ሓሳባታ'ኳ እንተ ተመልሰት እታ ጕሮቤት ግን ኣይሓደገታን።

“ኣመስጊንና ኢና ኸኣ፡” በለታ ጕሮቤት።




“ናይ ምንታይ?” መለሰት መንእሰይ።

“ንግሆ ንግሆ በዛ ተኽልኺ ክንዲ ምንታይ እፍሳህ ኣለኹ ኣይትፈልጥን ኢኺ። ከምዚ ዓይነት ዕምባባ ኣብዚ ናትኪ ኰነ ኣብ ካልእ ርእየ ኣይፈልጥን። ማራ'ያ እተደንቐኒ፡” ክትብል መለሰት። እታ መንእሰይ ዝሰምዓቶ ክትኣምኖ ኣይከኣለትን።

እናጕየየት ናብቲ ሓደ ካንሸሎ ብምኻድ ነታ ተኽሊ ረኣየታ። ካብቲ ብስእሊ ዝረኣየቶ ንላዕሊ ብዝምስጥ መልክዕ ዓምቢባን መቘኡዋን ረኣየት። ብሓደ ሸነኻ ጥራይ ዓምቢባ ምርኣያ ገረማ።

ናይቲ ንስኻ እትደኽሞ ጽቡቕ ውጽኢት ንዓኻ ስለ ዘይተራእየካ ኣየፍረኻን ማለት ኣይኮነን።

Author: Randy Reynolds

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ስንክልና ትዕድልቲ ኣይኮነን!

ደቂሰብ ኣብዚ ሓጺር ዕምርና፡ ሓጎስ ዝፍልፍሉ ዕድላትን ንምንባርና ዝብድሁ መሰናኽላትን ኪጋጥሙና ንቡር እዩ። እቲ ብደሆ ንገለ ሰባት ግና ናብ'ዚ ዓለም ኣብ ዝተቐልቀሉሉ እዋን የጋጥሞም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ መሰናኽል ንቐጻልነቶም ዝፈታተን ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ምስ ዝኸውን ድማ፡ ጾሩ ዝኸበደ ይኸውን። ከም ዝፍለጥ፡ ስንክልና ብዝተፈላለየ ምኽንያት ንዝኾኑ ሰብ ዘጋጥም ኰይኑ፡ ንዝተፈልየ ዓይነት ጾታ፡ ብሄር፡ ዓሌትን ወሰን ክፋል ሕብረተሰብን ኣየጥቅዕን። ስንክልና ንዊሒ እዋን ዝቕጽል ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ህዋሳውን ጉድለት ክኸውን ይኽእል እዩ።

ስንክልና ብሰሪ ተፈጥሮኣዊ፡ ሱቡ-ሰርሖ ሓደጋታት፡ ጥዕናዊ ጉድለታት፡ ጉድለት ጽሬትን መኣዛዊ መግብን፡ ትሑት ንቕሓትን ካልእ ጠንቅታትን ኪጋጥም ይኽእል። ስንክልና ህዋሳዊ፡ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ብምባል ይኽፋፈል። ህዋሳዊ ስንክልና - ጉድለት ዓቕሚ ርእየት፡ ምስማዕን ካልእን የጠቓልል። ከምኡ'ውን ኣካላዊ ስንክልና ጉድለት ገለ ክፋል ኣካላትን ክእለት ምንቅስቓስን እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣእምሮኣዊ ስንክልና ካብ እዋን ምዕባለ ክሳብ 18 ዓመት ኣብ ዘሎ ግዜ ዝኽሰት ኰይኑ፡ ንምሉእ ዕምሪ ክኣ ይቕጽል።

ኣእምሮኣዊ ስንክልና ዘለዎ ቈልዓ ምስ መዀኡ ብምንጽጻር፡ ኣብ ከም ምምዕባል ማሕበራዊ ምውሳእ፡ ምስትውዓል፡ ምምሃር፡ ምዝራብን ምንቅስቓስን ዝኣመሰሉ ንብልሒ ኣእምሮን ዓቕሚ ምትግባርን ዝሕተቱ ክእለታት ጉሉሕ ጉድለትን ምድንጓይን የንጸባርቕ። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ኣእምሮኣዊ ስንክልና ዘሎ ሰብ፡ ድሌቱ ኣብ ምግላጽ፡ ንጽሬቱ ኣብ ምእላይ፡ ድሕነቱ ኣብ ምሕላው ይኹን ካልእ መዀኡ ከማልእዎ ንዘኽእሉ ተግባራትን ክእለታትን ብዘይሓገዝ ኣብ ምፍጻም ይጽገም። ኣእምሮኣዊ ስንክልና ደረጃ ክብደቱ ብምንጽጻር ኣብ ኣርባዕተ ይኽፈል።

ምዕባለኣዊ ስንክልና፡ ኣብ እዋን ምዕባለ ብተገንዘቦኣዊ ወይ ኣካላዊ ኰነት ዝኽሰት ጉሉሕን ድሩትን ዓቕሚ ናይ ምትግባር እዩ። ናይ'ዚ ኣብነት፡ ኦቲዝም፡ ሰረብራላዊ መልመስቲ፡ ድኽመት ጭዋዳታት፡ ፈታል፡ ኣልኮል ሲንድሮም፡ ዳውን ሲንድሮም፡ ፕራደርዊሊ ሲንድሮም፡ ፍራጅይል ኤክስ ሲንድሮምን ካልኦትን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ብሓፈሻ፡ ጠንቂ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ንጹር ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ ቅድሚ ጥንሲ፡ ኣብ እዋን ጥንሲ ወይ ድሕሪ ጥንሲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ሕርሲ ንዝኽሰት መጉዳእትን ሕማማትን መበገሲ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ይግለጽ። ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም፡ እቲ ኣስታት 15% ወይ 1 ቢልዮን ህዝቢ እተፈላለየ ስንክልና ከም ዘለዎ መጽናዕታዊ ጽሑፋት የረድኡ። ካብዚ እቲ 60% ኣእምሮኣውን ምዕባላውን ስንክልና፡ እቲ 30% ኣካላዊ ክኸውን እንከሎ ፡ እቲ ዝተረፈ 10% ድማ ህዋሳዊ ስንክልና ከም ዝኾነ ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባላውን ስንኩላን ኤርትራ ዘውጸኦ ጽሑፍ ይሕብር።

መድረኻት ምዕባለ ናጽላ ክሳብ እዋን ብጽሕና እዩ ዝቕጽል። ናጽላ፡ ካብ ዝተወልደሉ ማለት ካብ 0-18 ኣዋርሕ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ንዘቐርብዎ ሰባት የለሊ፣ መሰረታውያን ናውቲ ይጥቀም፣ ንገጻዊ መግለጺ ግብረ-መልሲ ይህብ፣ ውሱናት ቃላት የድምጽ፣ ክሰጉም፡ ደው ክብልን ካልእ ንጥፈታትን ከካይድ ይጅምር። ብድሕሪ'ዚ፡ ካብ 18 ኣዋርሕ ክሳብ 3 ዓመት ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ ምስ ካልኦት ቈልዑት ክጻወት ይጅምር፣ ምስ'ቶም ዝቐርብዎ ሰባት ምጉያይ፡ ኰዕሶ ምድርባይን ካልእ ምዕባለታትን የርኢ። ካብዚ ቀጺሉ፡ ካብ 3-5 ዓመት ድማ ዝፈትዎን ዘይፈትዎን ምንጋር ይጅምር፣ ክሳብ 10 ኣሃዛት ይቘጽር፣ ሕብርታት፡ ስምን ኣድራሻን የለሊ፣ ኣብ ግዳም ወጺኡ ክጻወት ይጅምር። ካብ 5 ክሳብ 12 ዓመት ኣብ ዘሎ ዓመታት፡ ኣብ መኣዲ-ትምህርቲ ተጻንቢሩ ሽግር ናይ ምፍታሕ ክእለት የማዕብል፣ ርእሰ-ተኣማንነት የጥሪ፣ ዕርክነት ይምስርት፣ ውልቃዊ ተገዳስነት የዕብይን ናይ ምንባብ ክእለቱ ይወሰኽን። ካብ 12-18 ዓመታት ኣብ ዘሎ ግዜ ብጽሕና ድሙ፡ ውልቃዊ ናጽነት ይደሊ፣ ናይ ገዛ-ርእሱ ሓሳባት ይኸተል፣ ይገብብዝ፡ ኣብ ቁጸራን ጾታውነትን ተገዳስነት የማዕብል። ስለዚ፡ እዞም ብብደረጃኦም ዝተኸፋፈሉ መድረኻት ብርኽት ዝበሉ መዳያት ምዕባለ ኣብ ውሽጦም ከም ዝሓቑፉ ጽሑፋት ይሕብሩ።

ኣካላት ደቂ-ሰብ፡ ብቢልዮናት ዋህዮታት ዝቘመ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ዋህዮ ድማ፡ ጅን ዝተባህለ መሰረታዊ ኣሃዱ ንድሬ ባህርያት ሓቝፉ ይርከብ፡ እዚ ብዓይኒ ዘይርአይ ጥምሮ ጥቕላላት ቅርጺ ‘ክሮሞዞም’ ይብሃል። ስለዚ፡ ኣብ ንቡር መስርሕ ምውህሃድ ድቂ፡ ሓደ ሰብ ካብ ክልቲኦም ወለዱ ብማዕረ 23 ጽምዲ ክሮሞዞም ተኻፊሉ ብድምር 46 ጽምዲ ክሮሞዞም ሒዙ ይውለድ። ኣብ ዳውን ሲንድሮም ግና ኣብቲ መበል 21 ጽምዲ ክሮሞዞም፡ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ሳልሳይ ይድረብ፡ በዚ ምኽንያት፡ እቲ ናጽላ ኣብ ክንዲ 46 ጽምዲ ክሮሞዞም 47 ጽምዲ ክሮሞዞም ሒዙ ምስ ዳውን ሲንድሮም ይውለድ። እዚ ከኣ ጠንቂ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ይኸውን። ስለዚ፡ ጠንቂ እዚ ኵነት ንጹር ኣይኮነን። ምስ ዝኾነ ኣብ ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዝበረ ተግባራት ወሊድ ከኣ ምትእስሳር የብሉን።

ዳውን ሲንድሮም ኰነተ-ህላወ ደኣ'ምበር፡ ሕዱር ወይ ተላባዒ ሕማም ኣይኮነን። ስለዝኾነ ብመድሃኒት ዝመሓየሽ ወይ ዝሓዊ ኣይኮነን። ምስ ዳውን ሲንድሮም ዝተወልዱ ቈልዑ፡ ብጉዳማዊ ትርኢቶም ይልለዩ እዮም። ዋላ'ኳ ዘመሳስሎም መልክዕ እንተሃለዎም፡ ንወለዶምን መቕርቦምን እውን ይመስሉ እዮም። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ፍሉይ ምስሊ፡ ባህርን ዓቕምን ስለዘለዎ፡ ባህርያቶም ብደጋዊ ምስሎም ክግለጽ ኣይግባእን። ምስ ዳውን ሲንድሮም ዝነብሩ ሰባት፡ እቲ ሕጉሳትን ሕወሰን ምሕዝኽታውን ባህርያቶም ፍሉይ መለለዩኦም እዩ። ዳውን ሲንድሮም፡ ኣብ 1866 ዓ.ም ብዶክተር ጆን ላንግዶን ዳውን ዝተባህለ እንግሊዛዊ እዩ ንፈለማ ግዜ ተለልዩ። ክሳብ ሎሚ ድማ ብስሙ ይጽዋዕ ኣሎ። ወሁድ ኣእምሮኣዊ ብቕዓት እቶም ምስ ዳውን ሲንድሮም ዘለዉ ሰባት፡ ኪሓስቡ፡ ክዛረቡ፡ ክሰምዑን ክምልሱን ዝያዳ ግዜ ይጠልቦም'ዩ። ግና፡ ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ተሳቲፎም ከድምዑ፡ ላዕለዋይ ደረጃ ክበጽሑ፡ ኣብ ስራ-ጥቡብ ክዋስኡ፡ ስምዒቶም ክገልጹ፡ ክዛመዱ፡ ከበርክቱን ርእሶም ክኣልዮም ህይወቶም ክመርሑን ከም ዝኽእሉ ተረጋጊጹ እዩ።

ኢንታን ኣድልዎን ንምውጋድ፡ ሰብኣውነት ዘቐደመ ቛንቋ ኣሰያይማ ምዝውታር ተመራጺ እዩ። ንኣብነት፡ “ስንኩል” ወይ “ኦቲዝም” ከምኡ'ውን ካልእ ተመሳሳሊ ቃላት ኣብ ክንዲ ምጥቃም፡ “ምስ ስንክልና ዘሎ ሰብ”፡ “ምስ ኦቲዝም ዘሎ ሰብ” ዝብሉ ሓረጋት ምጥቃም ዝያዳ ተመራጺ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ከም “ዝሕታለ ኣእምሮ፡ ግህመት ኣእምሮ፡ ሕዋይ፡ ዕሪት፡ ልሙሽ፡ ቆራይ፡ ሓንዳል፡ ሰልፋፍ፡ ጎደሎ፡ መስኪን፡ በሃም፡ ጽሉል፡ ሕሙም፡ ዕወር፡ ጸማምን ግዳይን” ዝኣመሰሉ ኣቈናጽብትን ሃሰይትን ዝኾኑ ቃላት ወይ ሓረጋት ፍጹም ክውገዱ ኣለዎም። ከምኡ'ውን ስኣን ንቕሓት እዚ ስንክልና'ዚ ከም መርገም፡ ሓጥያት፡ ሕማቕ ዕጫ፡ ሕማቕ ጽሕፍቶ፡ ኢደ-ሰብ፡ ዓይኒ ሰብ፡ ጎንፊ፡ ጸላኢ ሰናይ፡ ጸገም ጓል-ኣንስተይቲ፡ ተመሓላላፊ ሕማምን ካልእን ተባሂሉ ዝተገልጸሉ እዋን ውሑድ ኣይኮነን'ሞ፡ ድሕሪ ደጊም ወጊድ ምባሉ የድሊ።


ኦቲዝም ኣብ ፈለማ ዕድመ ምዕባለ ዝኽሰት እኳ እንተኾነ እቲ ሰብ ክሳብ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ናይ ምውሳእ ክእለቱ ዝጽሎን ዝቡዳህን ኩነታቱ ምሉእ-ብምሉእ ክይተጋህደ ንዊሒ እዋን ክጸንሕ ይኽእል። ከም ሳዕቤኑ፡ ምስ ሰባትን ኣከባብን ዘለዎ ናይ ምብህሃልን ምውሳእን ክእለት ብኣሉታ ይጽሎ። ኦቲዝም፡ ኣብ ዕድመን ኣእምሮኣዊ ተግባራትን ምርኩስ ብምግባር፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝተፈላለየ ደረጃ ጽልዋ ኣለዎ። እዚ ካብ ኣዝዩ ከቢድን ብዙሕ ደገፍ ዘድልዮን ኣእምሮኣዊ ስንክልና ክሳብ መዛና-ኣልቦ ብልሒ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ፡ ምስ ኦቲዝም ምህላው ኣእምሮኣዊ ስንክልና ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ጉሉሕ ድኽመት ኣብ ክእለት ምብህሃልን ማሕበራዊ ምውሳእን እውን ይህሉ።


ሓንጎል ብዝተፈልየ ኣቋውማ ዕማማቱ ስለዘሰላስል እምበር፡ ኦቲዝም ሕማም ኣይኮነን። ንኣቋውማን ዕማማትን ሓንጎል ምልዋጥ ዝከኣል እኳ እንተዘይኮነ፡ ንኸገራት ከመይን ማዕረ ክንደይን ይግዝኡዎም ምልዋጥ ግን ይከኣል እዩ። ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ምትእትታው እንተ ተገይሩሎም፡ ዘይተደልየ ኦቲስቲካዊ ባህርያት ተላቢሶም ንኸይዓብዩ ይሕግዞ። ጸገማት ማሕበራዊ ምውሳእን ምብህሃልን ዝደጋገም ዘይንቡር ተግባራትን ተገዳስነትን ገለ ካብ ምልክታት ኦቲዝም እዮም።

ደረጃታት ኦቲዝም ሰፊሕ ብምዃኑ፡ ፍሉይ ወይ ንጹል ኣገባብ ክንክንን ኣተኣላልያን የብሉን። ቀጥታ ድሕሪ ነጸርታን ካብ እዋን ህጻንነቶምን ጀሚሮም ቅልጡፍ፡ ወሁድ፡ ዝተመጣጠነ ኣገልግሎት ኣተኣላልያን ክንክንን ምስ ዝረኽቡ፡ ብድህሪታቶም ክቃለልን ክእለት ከማዕብሉን ይኽእሉ። ኦቲዝም ስንክልና እምበር ሕማም ኣይኮነን። ስለዚ፡ ብተሳትፎ ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ኣባላት ስድራ-ቤት፡ ኣለይትን ካልኦት መቕርብን ስሩዕን ጽዑቕን መደባት ልምምድ ማሕበራዊ ምውሳእ፡ ምብህሃልን ቋንቋን ምኪያድ ንምዕባለኦም ወሳኒ እዩ።

ምስ ኦቲዝም ዘለዉ ሰባት፡ ከም ጎንጺ፡ ነድሪ፡ ዝደጋገም ባህሪ፡ ኣመና ዋዒ፡ ጉድለት ኣድህቦ፡ ሻቕሎትን ቅዘትን ዝኣመሰሉ ተደራራቢቲ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኪጋጥሞም ይኽእል። ፍሉይ ብልጫታቶም ከኣ፡ ደቀቕቲ ነገራት ምክትታልን ናይ ነዊሕ እዋን ሓበሬታ ምዝኽኻርን ክጥቀስ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ሓያል ናይ ምርኣይን ምስማዕን ክእለት ይውንኑ። ከምኡ'ውን ኣብ ስነ-ቑጽሪ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ስነ-ጥበብ ፍሉይ ክእለት ኣለዎም። እምበኣርከስ፡ ኒካላ ተስላ ኣምፑል ሙብራህቲ ዝመሃዘ፡ ኣልበርት ኣንስታይን መሰረት ስነ-ፍልጠት ዝኾነ ፊዚክስን ሕጊ ተዛማድነትን ዝረኸበ፡ ቻርለስ ዳርዊን ኣቦ ስነ-ፍልጠት ፍልቀት ዝተባህለ፡ ቢል ጌትስ ድማ ወናንን ኣማዕባልን ኩባንያ ማይክሮሶፍት ኰይኑ፡ ኵሎም ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ዝነበሩን ዘለዉን ሊቃውንቲ እዮም።

ስለዚ፡ ስንክልና ብትዕድልቲ ወይ ብዕጫ ዘጋጥም ካብ ዘይኰነ ምንባይን ምእላይን ስንኩላን ሓላፍነት ኵሉ ዜጋ እዩ። ኣብ ሕብረተ-ሰብና ንዘጸንሐን ዘሎን ግጉይ ርድኢትን ኣጠማምታን ብንቕሓት ክነወግዶ ይግባእ። ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ሕብረተ-ሰብ ሰሪጹ ዝጸንሐን ዘሎን ኢንታን ኣድልዎን ብስነ-ፍልጠታዊ ጭብጥታት ክሰዓር ኣለዎ። እዞም ዜጋታት ግቡእ ኣልያ፡ ክንክንን ኣተኣሳርን እንተረኺቦም፡ ከበርክቱን ከፍርዩን ከም ዝኽእሉ ስለዝተረጋገጸ፡ ኣብ ክንዲ ምግላልን ምንጻልን ክንሓቝፎም ይግባኣና።







# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

የርዳናስ መንግስትኣብ ምባል ተሪፉ፥ ኢያሩሳሌም መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 49 ይቕረብ፡፡

ጎይትኦም ሃብተ ትንስኡ ኣደይ ጸገ ኣቦይ ዑቕቡ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጺጋ ጎይትኦም ተሰፉጋብር፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሚካኤል ከሰተ፡ ንጓልኩም ት/ዕድመ ዴሰዊት ሚካኤል ከሰተ ዝምልከት ናይ ምግዚትነት ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

የርዳናስ የሲፍ ኣስመላሽ፡ ኣቦይ የሲፍ ኣስመላሽ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት የሲፍ፡ ተኸሳሲ መሓሪ የውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሳምራዊት ሰለሙን፡ ተኸሳሲ ዑቕባይ ብርሃ ካሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ብስራት ግርማይ ተወልደ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሚኤል ኣማንኤል ሃብተማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጥ፡፡

ቅድስቲሃና ሰርጸ ሮቭረጽዮን ምባል ተሪፉ፥ ቅሳት ሰርጸ ሮቭረጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሉችያ ዞርያስ ኣብድ፡ ወከል ቀሺ ደጀን ተሰፋይ፥ ወለደይ ዞርያስ ኣብድን ኣምለሰት መሓሃንን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ራሄል ክፍለማርያም በርሀ፡ በዓል ቤተይ በረኸት ሓጎስ ኣስፍሃ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጽገሃና ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፥ ሃና ኣብርሃም ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዘቢብ ብኢደ ዘርኡ ምባል ተሪፉ፥ ዊንታ ብኢደ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢሰያስ ጉርጃ ወላይ ምባል ተሪፉ፥ ሳይሞን ጉርጃ ወላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብተማርያም ሰለሙን ተወልደ ምባል ተሪፉ፥ ፊሊሞን ሰለሙን ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ሉተር በረኸተኣብ ተድላ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00026344 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ/ማይ ጭሆት ጎደና ረብዓ ቁ.ገዛ 1ዝርከብ ናይ ዱኳንን እንዳ ስጋ መሸጢን ትካለይ፥ ንወ/ሮ ኣበባ ተስፉማርያም ኣስገዶም ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና 158-20 ቁ.ገዛ 33 ካብ ዕለት 01/06/2023 ክሳብ ዕለት 31/05/2025 ኣካርየ፡ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝሀሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ሉተር በረኸተኣብ ተድላ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ኣብ ተለቪዥን ዝተፈነወ ፊልምታት ብመልክዕ ክፉላት ኣብ መላእ ሃገር ከዘርግሕ ምስ ዝኽእል ትካል ውዕል ክኣቱ ስለ ዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘዋጽእ ነጥብታት

1. ኣብ ኣገልግሎት ምዝርጋሕ ተጠቒሱ ዘሎ ወይ ተመሳሳሊ ዕማም ዝተዋፈሩን ፍቓድ ዋኒን ዘለዎምን፡፡
2. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ዘለዎምን ግብሪ ናይ 2023 ዝኸፈሉን፡፡
3. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ዝምስስ ብCPO ወይ ጥረ ገንዘብ ከትሕዙ፡፡
4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፥ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን፡፡
5. ሳጹን ጨረታ፡ ጸብጻብ'ቲ ጨረታ ዝወደቐሉ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 3፡00 ድ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት፡፡
6. መጫረቲ ሰነድ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣሃዱ ዕድግን ንብረትን ሚ/ሪ ዜና ክወስዱ፡፡
7.ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ተሌፎን 121884 ምውካስ ይከኣል፡፡
8. ሚኒስትሪ ዜና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ዜና

---

## ዳግማይ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ዝርከብ ካፈተርያ ከኻርዮ ስለዝደለየ ንግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፡

- ተጫረትቲ ኣብ ኣገልግሎት ካፈተርያ፡ ቤት መግብን መስተን፡ ባርን ሩስቶራንትን እንዳ ሻሂ ዝተዋፈሩ ክኾኑ ይግባእ፡፡
- ተጫረትቲ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ መውጽኢታ ግብሪ መኽፈሊ ዝኸፈሉን ወይ ብ TIN Number ናይ መውጽኢታ ግብሪ መኽፈሊ ዝኸፈልሉ ከቕርቡ ይግባእ፡፡
- መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ብጥረ ገንዘብ ወይ C.P.O ከትሕዙ ይግባእ፡፡
- ተጫረትቲ፥ መሰለጥያ መኪና ከቕርቡ ይግባእ፡፡
- ሳጹን ጨረታ፡ ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፥ ንጽባሒቱ ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት፡፡
- ዝምላእ ቅጥዒ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዜና ፎርቶ ኣካል ዕድግን ንብረትን ቀሪብኩም ክትወስዱ ይግባእ፡፡
- ሚኒስትሪ ዜና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብጨረታ ኣይግደድን፡፡

ሚኒስትሪ ዜና

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ በዓልቲ ቤተይ ተጋ/ሃንሱ ሓጎስ ወ/ጉብራኤል ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ኣብ ኡጋንዳ ዝሓገዝኩምና ምስ ዓረፈት ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ከይደኩም ዘቃበርኩምና ኣብ ሓዘንና ብኣካል ዝተመላለስኩም ኮነ ካብ ወጻኢ ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ንገልጽ፡፡

ብዓልቤታ መጀር ፍስሃየ ገ/ዮናስ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ በዓል ቤተይ ኣቶ ኪዳነ ሃይለ ተኽለሚካኤል ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ናብ ዓዲ ተከሊዛን ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ለተንጉስ ደብረጼን
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ እፍቕራ ኣዴና ወ/ሮ ርሻን ወልደስላሴ ስእለጼን ዝተሰምዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ጉዳ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገጽ፡፡

ደቃን ምሉኣት ስድራቤን

---

ብስም ኣማኒኤል ተኽለ ጊብረእየሱስ፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ጸሎት ብመወከሲ ቁጽሪ 187 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 7497 ፕሎት 1ፓርሰል D ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዝዮ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07602895 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዘምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣማኒኤል ተኽለ ጊብረእየሱስ

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፥00 – 12፥00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፥00 – 6፥00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፥ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 . . .



ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ ጽባሕ ዓርቢ ኣኣንጋዲት ሃገር ጀርመን ምስ ስኮትላንድ ብእተካይዶ ግጥም መጋረጃኡ ክኽፈት እዩ።

ሎሚ ዓመት ንመበል 17 ግዜኡ ዝቶየድ ዋንጫ ኤውሮጳ ንኻልኣይ ግዜኡ እዩ ኣብ ሃገረ ጀርመን ክስላሰል። 24 ሃገራት ከምዝወዳደራ ድማ ይፍለጥ።

ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜናን ተንተንቲ ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ክዕወታሉ ይኽእላ እየን ዝበለአን ሃገራት፡ ኣቐዲመን ኣብ ምግላጽ እየን ጸኒሐን። ብቐዳምነት ዝጠቐሳኣን ዝለዓለ ሚእታዊት ዝሃባኣን ሃገራዊት ጋንታ ከኣ እንግሊዝ ኢያ። ማሰረት ኩዕሶ እግሪ ምንጪና እትምካሕ እንግሊዝ፡ ኣብዚ እዋን ሒዛቶም ዘላ ዓይነታውያን ተጻወትቲ ብቐዳምነት ዘጠምታ እዩ።

ብፍላይ፡ ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2023-24 ኣብ ክለባቶም ብምዃን ኣብ ጥርዚ ብቕዓት ምህላዎም ዘርኣዩ ሃሪ ኬን፡ ጁድ በሊንግሃምን ፊል ፎደንን ሓቝፉ ዘሎ እዛ ጋንታ፡ ሓያል ማስመር መጥቃዕቲ ከምዘለዋ ይእመን። ን58 ዓመታት ዝቖጸለ ዋንጫ ኣልቦ ጉዕዞኣ ከኣ መኽተምታ ክትገብረሉ ትጽቢት ይግበረላ።

ዋንጫ ዓለም 2018 ዘልዓለት ፈረንሳ፡ ሓንቲ ካብተን ሕጹያት ሃገራውያን ጋንታታት ኢያ። ንኪልያን ምባፐን ኣንቶንዮ ግሪዝማንን ዝኣመሰሉ ብሉጻት ተጻወትቲ ሒዛ ዘላ ፈረንሳ፡ ነዚ ዋንጫ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ ዓመተ 2000 ምስ ኣልዓለታ ኢያ። ኣብ 2016፡ ኣብ ሃገራ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ብፖርቱጋል ተሳዒራ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ምዃናውን ይዝከር - እቲ ዝመረረ ስዕረታ ኣብዚ ውድድር!

ኣሰልጣኒ ናይዛ ጋንታ ዲዲየር ዲሻምፕ፡ ከም ተጻዋታይን ዓለምን ብምዃን ዋንጫ ዓለም ዓቲሩ እዩ። ነዛ ናይ ኤውሮጳ ዋንጫ እንተኣልዒልዋ ከኣ "ዋንጫ ዓለምን ዋንጫ ኤውሮጳን ከም ተጻዋታይን ኣሰልጣንን ኮይኑ ዝተዓወተለን ቀዳማይ ውልቀ ሰብ" ዝብል ክብሪ ክረክብ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መሬታ እትጻወት ጀርመን፡ ባይታ ዘበጡ ንክጸንሐ ብቕዓታ ቀስ ብቐስ ኣብ ምምላስ ትርከብ። ጉዳይም ተጻወትቲ ማኑኤር ኑየር፡ ቶኒ ክሩስ፡ ኢልካይ ጉንዶጋንን ቶማስ ሙለርን ንመንእሰያት ሓያስቲ ሓይሊ ከም - ካይ ሃቫርትስ፡ ጃማል ሙሲያላን ፍሎሪያን ዊርትዝን እናማእዘኑ፡ ራብዐይቲ ጸዋእ ናይ'ዚ ውድድር ኣብ ሃገርም ከትርፉዋ ትጽቢት ደገፍቶም እዩ። "ድሕሪ 40 ዓመታት ነዚ ውድድር ኣሰናዲኣ ዝተዓወተትሉ ፈላመይቲ ሃገር" ድማ ክትከውን እያ - እንተተዓዊታ። ፈረንሳ እያ፡ ኣብ 1984 ኣኣንጊዳ ተዓዊታትሉ።

ካብ 2008 ክሳብ 2012 ንኩዕሶ እግሪ ዓለም ዓብሊላቶ ዝነበረት እስጳኛ እውን ሓንቲ ካብተን ግምት ዝወሃበን ጋንታታት ኢያ። እዛ በዓልቲ ሰለስተ ኮኾብ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ብዞሮኮ ኣብ ዙር 16 ድሕሪ ምግላፋ፡ ብመራሕነት ሓዱሽ ኣሰልጣኒ ልዊስ ደላ ፉዌንተ፡ ጽቡቕ ብቕዓት ኣብ ምንጽብራቕ ከም እትርከብ ይግምገም።

እስጳኛ፡ ሰለስተ ግዜ ነዚ ዋንጫ ብምልዓል፡ ምስ ጀርመን ተደራቢ ብብዝሒ ዓወታት ኣብ ቀዳማይቲ ትርከብ።

ብክርስቲያኖ ሮናልዶ እትቕለስ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል እውን ድሕሪ ሸሞንተ ዓመታት ዳግማይ ነዚ ጸዋእ ኢዳ ከተንብረሉ ዘይትግመት ኣይኮነትን። ምናልባት ናይ መወዳእታ ናይ ዩሮ ውድድሩ ዝካይድ ሮናልዶ፡ ብውልቂ ነቲ ብ14 ሸቶታት ሒዙዎ ዘሎ 'ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ናይ'ዚ ውድድር' ክውሰኸሉ ትጽቢት ይግበረሉ። ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ወዲ 39 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ብ25 ብዝሒ ጸወታታትን ሽዱሽተ ቀረብን እውን ኣብ ቀዳማይቲ ይርከብ። ሮናልዶ፡ ንመበል ሻዱሻይ ግዜኡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ ብምጽዋቱ ድማ፡ ነቲ ብሓሙሽተ ግዜ ሒዙዎ ዘሎ ክብረ-ወሰን ክውሰኸሉ እዩ።

ብዘይካ'ዘን ሓሙሽተ ሃገራት፡ ክልተ ግዜ ነዚ ዋንጫ ዘልዓለታ ኢጣልያ፡ በልጅዩም፡ ሆላንድን ክሮኤሽያን እውን ብቕድም ተኸተል ገለ ናይ ምዕዋት ግምት ተዋሂቡወን ኣሎ። በዚ ኮይኑ በቲ ግና፡ መን ከም እትዕወት፡ 14 ሓምለ፡ እቲ ኣብ ርእሲ ከተማ በርሊን ዝርከብ 71 ሽሕ ተዓዘብቲ ዝሕዝ ስታድዩም ኦሎምፒያ ዝምልሶ እዩ።

ነዚ ውድድር ዝተዓወተትሉ ከኣ ንኮፓ ኣመሪካ 2024 ምስ ዝተዓወተትሉ ላቲን ኣመሪካዊት ሃገር ክትጻወት እያ - ኣብ ሰነ 2025።

## ውድድር ቴኒስ ሜዳ ሰንኩላን ይካየድ ኣሎ

ውድድር ቴኒስ ሜዳ ሰንኩላን (Wheel Chair Tennis)፡ ዝሓለፈ ሰሉይ 10 ሰነ ኣብ መጸከር ደንደን (ቃኘው) ፈሊሙ።

እዚ ብሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ተኒስ ዝተሰርዐ ውድድር፡ 16 ተጻወትቲ ሒዙ ኣሎ። ኣብ ክልተ ምድባት 'ሀ'ን 'ለ'ን ተኸፋፊሉ ከኣ ይካየድ ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ኣብ ምድብ 'ሀ' ሓይልኣብ ኣልያስ ንዑመር ሰሊማን፡ ሃይለ ንገሰ ንቴድሮስ ኣረጋይ፡ ከምኡ'ውን ኣንገሶም ወልዳይ ንመጃ ተሰፋሚካኤል ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ሰዒሮሞም።

ኣብ ምድብ 'ለ' ድማ ድራር ተስፋማርያም ንኢብራሂም መሓመድ፡ ኣንገሶም ሃይለ ንኣዝበሰ ብርሃኔ ተስፋሂወት ተኽለ ንተስፋማርያም ወረደ ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ሰዒሮሞም።

ብዘይካ'ዚ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ሃይለ ንገሰ ንሓይልኣብ ኣልያስ 2-1 ክስዕሮ እንከሎ፡ ደብሳይ ጌታሁን ንዑመር ሰሊማን፡ ኣንገሶም ወልዳይ ንደብሳይ ጌታሁን፡ ሓይልኣብ ኣልያስ ንመጃ ተሰፋሚካኤል ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ሰዒሮሞም።

እዚ ውድድር ሰንበት 16 ሰነ ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ኣብ መጸከር ደንደን ከሉብ ሰንኩላን ክዛዘም ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ጸወታ ኣልታሕሪርን ጎዳይፍን ተሰጋጊሩ

ሎሚ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ ክካየድ ተመዲቡ ዝነበረ ጸወታ ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል ኣልታሕሪርን ጎዳይፍን ናብ ካልእ መዓልቲ ከምዝተሰጋገረ፡ ሓላፊ ውድድርን ስነ-ስርዓትን ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

እዚ ጸወታ መዓስ ከምዝካየድ ግና፡ ዛጊት ኣይተፈለጠን። እንተኾነ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ተሰሪዑ ዝነበረ ክልተ ጸወታታት ክካየድ እዩ።

በዚ መሰረት፡ ኩብንያ ሰምባልን ማይተመናይን ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ፡ ኣስመራ በራን ኣዱሊስን ሰዓት 4፡00 ድ.ቀ ክጻወታ እየን።

ናይዚ ዕለት ዝሓሸ ቀላሕታ ረኺቡ ዘሎ ግጥም፡ ንኣስመራ በራን ኣዱሊስን ዘራኽብ እዩ። በራ፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ 18 ነጥቢ ብምውህሃል ሳልሰይቲ ኮይና ምውዳኣ ይዝከር። ኣዱሊስ ግና፡ ብተደጋጋሚ ነጥቢ ከተጥፍእ ኢያ ተራእያ። ኣብ ፍርቂ እቲ ውድድር ግና፡ ዝሓሸ ተወዳዳርነት ብምርኣያ 12 ነጥቢ ኣኪባ። ፍልልያ ንምጽባብ ድማ፡ ሎሚ ካብ ኣስመራ በራ ሰለስተ ነጥቢ ንምውሳድ ክትቃለስ ትጽቢት ይግበረላ።

## ፓቭሎቪች፡ ዕድል ኣይገበረን

ኣከፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ኣለክሳንዳር ፓቭሎቪች፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ሕማም ካብ ዩሮ 2024 ምእላዩ፡ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እታ ሃገር ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

እዚ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታይ ባየር ሙኒክ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ዩክረይን ኣብ ዝካየድዎ ናይ ምሕዝነት ግጥም እዩ ቀዳመይቲ ኣህጉራዊ ጸወታ ኣካዪዱ።



እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ሕማም፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ንግሪኽ 2-ብ1 ኣብ ዝሰዓሩሉ ግጥም ክበኩር ተቐሲቡ። ብሰንኪ'ዚ ሕማም ኣብ ዩሮ ከርክብ ከምዝይክእል ድሕሪ ምርግጋጹ ድማ፡ ካብታ ጋንታ ተኣልዩ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ መግለጺ፡ መተካእታ ፓቭሎቪች ኣከፋፋሊ ቦሩሽያ ዶርትሞንድ ኢምረ ቻን ናብታ ጋንታ ተጸምቢሩ ኣሎ። ወዲ 30 ዓመት ኢምረ ቻን፡ ጁልያን ናግልስማን መዘኻት ካብ ዝሕዝ ንደሓር፡ ኣብ ትሕዝቶኡ ክሰልጥን ኣይካኣለን ጸኒሑ። ንሃገሩ ንመወዳእታ ግዜ፡ እዛ ጋንታ ብዋዜያዊ ዓላሚ ሩዲ ቮለር እናተመርሐት ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ መስከረም ኣንጻር ፈረንሳ ምስ ተጻወተላ እዩ።

## ሰስኮ፡ ውዕል ኣናዊሑ

ብበዙሓት ክለባት ፕሪመር ሊግ ክህደን ዝጸንሐ ኣጥቃዓይ ኣርቢ. ሌፕዚግ በንያሚን ሰስኮ፡ ዝጸንሖ ውዕል ብሓንቲ ዓመት ኣናዊሕዎ።

ኣብ 2023 ካብ ኣርቢ. ሳልዝቡርግ ናብዚ ክለብ ዝተጸምበረ ሰስኮ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቱ ኣብ ቡንደስሊጋ ኣብ 31 ግጥማት 14 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ውድድራት 42 ግጥማት ክጻወት እንከሎ፡ 18 ሸቶታት ኣቈጺሩ፣ ክልተ ዕድላት'ውን ንኣመዝገብቲ ከሲኑ። በዚ ዘርኣዮ ብቕዓት ከኣ፡ ኣብ ራዳር ክለባት ኣርሰናል፡ ቸልሲን ማን ዩናይትድን ኣትዩ ምጽንሑ ይግለጽ።

ይኹን እምበር፡ እዚ ወዲ 21 ዓመት ስሎቬንያዊ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ክሳብ ሰነ 2028 ዝጸንሖ ዝነበረ ውዕል፡ ሓንቲ ዓመት ብምውሳኽ ክሳብ ሰነ 2029 ኣናዊሕዎ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ እዛ ጋንታ ዝኣሰ ኣመዝጋቢ ሸቶ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክኸውን ዝኽእል ሰስኮ፡ ምስዛ ጋንታ ዛጊት ሓንቲ ዋንጫ ዓቲሩ ኣሎ።




## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ጁቬንቱስ ንብራዚላዊ ኣከፋፋሊ ኣስቶን ቪላ ዶግላስ ሉዊስ ንምፍራም ኣብ እትገብሮ ዘላ ዝርርብ፡ ጽቡቕ ትስጉም ኣላ - ብመሰረት ጋዜጣ ስካይስፖርትስ።

ጁቬንቱስ ኣብዚ መስርሕ 20 ሚልዮን ዩሮን ከም መብድልቲ ክልተ ተጻወትታ ማኪንን ሊንግ ጁኝሶርን ቀሪባቶም ትርከብ።

ቪላ፡ ምስታ ንተጻዋታያ ጆን ዱራን ንምፍራም ማዕጾኣ ዝኸሓከሓታ ቸልሲ እውን ኣብ ዝርርብ ትርከብ።

* ዓላሚኣ ኢንዞ ማሬስካ ብቸልሲ ዝተመንጠለት ሌስተር ሲቲ፡ ምስ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ቸልሲ ግርሃም ፖተር ከምዝዘተዘራረበት ተቓሊሑ። ሌስተር፡ ብዘይካ ንፖተር ምስ ናይ ቅድም ዓላሚ ማን ዩናይትድ ኣሎ ጉናር ሶልሻየር እውን ኣቐዲማ ከምዝዘተዘራረበት ይሕበር።

ናይ 2016 ዕውትቲ ፕሪመር ሊግ ሌስተር ሲቲ፡ ናብ ታሕተዋይ ሊግ ወሪዳ ድሕሪ ምጽንሓ፡ ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2024-25 ኣብ ፕሪመር ሊግ ክትጻወት ኢያ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## እማመ ሰላም ኣብ ኩናት እስራኤል-ፍልስጤም. . .

ዝሓለፈ ሰሉስ ጸሓፊ ጉዳያት ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን ናብ ቴልኣቪቭ ምብጻሕ ኣብ ዝጸንሐሉ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ - ኒቲ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ብኣመሪካ ዝቐረበ እማመ ሰላም እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ንምቕባሉ ድልው ከምዝኾነ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ሓማስ ብወገኑ ነቲ እማመ ከምዝተቐበሎ ኣፍሊጡ።

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እውን ነቲ ዝሓለፈ ወርሒ ብኣመሪካ ዝቐረበ እማመ ሰላም እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ከምዝድግፎ እዩ ተቓሊሑ።

ነቲ እማመ፡ 14 ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ክድግፍዎ እንከለዉ፡ ሩሲያ ድምጺ ካብ ምሃብ ከምእተዓቀበት እዩ ተገሊጹ ዘሎ።

ሓማስ ነቲ ዝቐረበ እማመ ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ሓብሬታ፡ እስራኤል ነቲ እማመ ሰላም ብዘይ ጉደሎ ንምትግባር ድልውቲ ክትከውን እዩ ሓቲቱ ዘሎ።

እቲ ናይ ፈለማ እማመ፡ ኣብ መንን እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝጸንሕ ተኹሲ ናይ ምቁራጽ ስምምዕ ክበጽሕ ዝብል ኮይኑ፡ ኣብቲ ካልኣይ ደማ - ቀዋሚ ምቁራጽ ተኹሲ ክትግበር ዝጠልብ እዩ።

ሓማስ ኩሎም ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ እስራኤላውያን ናጻ ክለቅቕ፡ እስራኤል - ሰራዊታ ካብ ወሸመጥ ቓዛ ጠቕሊላ ክተውጽእ ደማ ይእምም።

እዚ ዳሕረዋይ እማመ ግን፡ ኣብ መንን ክልቲኦም ወገናት ብዘዋጋር ስምምዕ ዝትግበር ምዃኑ እዩ ዝገልጽ።

ብዙሓት ሃገራት፡ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት - እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ እተካየዶ ዘላ ደብዳብ ደው ከተብል፡ ብሕልፊ ኣብዚን ዝሓለፋ ቀረባ መዓልታት ብትሪ ክጸውዓ ምጽናሐን ይፍለጥ።

ሓማስ ምስ መሻርኽቱ እስላማዊ ጅሃድ፡ ነቲ እማመ መልሲ ኣብ ዝሃቡሉ ኢጋጥሚ - ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ምቁራጽ ተኹሲ ክትግበር ልዕሊ ዝኾነ ወገን ድልውነት ከምዘለዎ እዩ ኣፍሊጡ።

ኣንቶኒ ብሊንከን ኣብ ቴልኣቪቭ ምስ ሳልስዮት ሰብ-መዚ እስራኤል ተራኺቡ ናብ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ዓረብ ኣብ ዘምርሓሉ፡ ኣመሪካ ንፍልስጤም ናይ ኣስታት 404 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ከምእትህብ ገሊጹ ኣሎ።



## ደ.ሪ.ኮንጎ - ናይ ፈለማ ጓል-ኣንስተይቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ቃል-ማሕላ ፈጺማ

ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ንመዘኑት ቀዳማይ ሚኒስተር ዝተመርጸት ናይ ፈለማ ጓል-ኣንስተይቲ - ጁዲ ሱሚንዋ ቱልካ፡ ትማሊ ረቡዕ ቃለ-ማሕላ ፈጺማ።

ኣብ ታሪኽ ናይ'ታ ሃገር ንመጀመርታ እዋን ነቲ ስልጣን ዝተረከበት ጁዲ፡ ብጸጥታዊ ቅልውላው ትሳቐ ኣብ ዘላ ሃገር - ኣጉዳሲ ኣስተዋጽኦ ክትገብር ምዃና እያ ትገልጽ ዘላ።

ኣብ ዓመት 2019 ንፈለማኡ ፕረዚደንት ዝኾነ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ደማ - 73 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ ንካልኣይ ግዜኡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ደ.ሪ.ኮንጎ ዝተዓወተ ፌሊክስ ተሸሰከዲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ንጁዲ ሱሚንዋ ቱልካ - ቀዳመይቲ ሚኒስተር እታ ሃገር ኮይና ክተገልግል ምምራጹ ዝዘከር እዩ።


ጁዲ ነቲ ቃለ-ማሕላ ድሕሪ ምፍጻማ፡ ኣብ ከተማ ኪንሻሳ ንልዕሊ 2.6 ሚልዮን ሰባት ስራሕ ከምትኸፍት ከምኡ'ውን ኣብ ቁጽሪ (ማተማቲክስ)፡ ሰብ ዝሰርሖ ብልሒን ዘተኮሩ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ከምእትጀምር ቃል ኣትያ ኣላ።

እዛ ኣቐዲማ ኣብ ዓውዲ ስራሕ፡ ከተጥፍ… [sic: ዝጸንሐት] ጓል-ኣንስተይቲ፡ ብእተሰላሰሎ ዕማማት መንግስቲ - ኣብታ ሃገር ኣጉዳሲ ለውጢ ክመጽእ ትጽበ… ብዙሓት ወገናት ምዃኑ ይሕበር።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ውሽጢ ደ.ሪ.ኮንጎ ጥራይ - ኣስታት 7 ሚልዮን ህዝቢ ካብ ቤት-ንብረቱ ተመዛቢሉ ይርከብ።



## ኣብ ሀይቲ፡ ሓድሽ መንግስቲ ቈይሙ



ኣብ ሀይቲ፡ ድሕሪ'ቲ ንሓያሎ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ኣብ'ታ ሃገር ሓዲሽ መንግስቲ ከምዝቖመ ማዕከናት ዜና ገሊጸን።

ኣብ'ዚ ሕጂ ቀይሙ ዘሎ ሓዲሽ መንግስቲ፡ ኩሎም እቶም ኣብ እዋን ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ዝነበረ ኤርያል ሄንሪ ዝነበሩ ሚኒስተራት፡ ብሓደሽቲ ተተኪኦም ከምዝለዉ ተፈሊጡ።

ኤርያል ሄንሪ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት እዩ፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ቅልውላው ኣብ'ታ ሃገር - ብፍቓዱ ካብ ስልጣኑ ወሪዱ።

ድሕሪኡ ደማ ጋሪ ኮኒል፡ ከም ግዜያዊ ቀዳማይ ሚኒስተር እታ ሃገር ኮይኑ ከምእተመርጸ ይሕበር።

ጉጅለ ገበኛታት፡ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ሀይቲ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ከካይዱ ብምጅማሮም ተዓጽዩ ዝጸንሐ መዕርፎ ነፈርቲ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ዳግማይ ስርሑ ከምዝጀመረን፡ ኣብ ነርቲ እታ ሃገር ዓቢ ተስፋ ከምዝዘርአ ማዕከናት ዜና ገሊጸን።

ኑቶም ጉጅለ ገበኛታት ንምቅላስ፡ ኬንያ እትመርሐን ገለ ሃገራት ናብ ሀይቲ ሰራዊተን ክዋፍራ ተሰማሚዐን እኳ እንተነበራ፡ ዛጊት ናይ ዝኾነት ሃገር ሰራዊት ከምዝኣተወ እዩ ዝሕበር።

ኣብ 2021፡ ፕረዚደንት ሀይቲ-ነበር ጆቨኔል ሞይስ ድሕሪ ምቕንጻሉ፡ ኤርያል ሄንሪ ብዘይ ምርጫ ንታ ሃገር ክመርሓ ምጽንሑ እያም ጸብጻባት ዘረድኡ።

ኣስታት 11.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሀይቲ፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ - ልዕሊ 160 ሽሕ ነበርታ ካብ ኣባይቶም ከምእተመዛበሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ትካል 'ጆንሶን ኤንድ ጆንሶን' 700 ሚልዮን ዶላር ተቐጺዑ

ኣመሪካዊ ትካል መፍረ መድሃኒትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ፍርያትን ዝኾነ 'ጆንሶን ኤንድ ጆንሶን'፡ ንዓመዊል ኣደናግሩ ተባሂሉ ብቤት-ፍርዲ'ታ ሃገር ብምኽሳሱ፡ ትማሊ ረቡዕ ናይ 700 ሚልዮን ዶላር መቕጻዕቲ ተበዪንሉ።

ብትካል ጆንሶን ኣንድ ጆንሶን ክፈሪ ዝጸንሐ ናይ ህጻናት ፖውደር፡ ኣብ ውሽጡ ሕማም ካንሰር ከስዕብ ዝኽእል ጭኡታ ድሕሪ ምርካቡ እዩ፡ እቲ ትካል እዚ መቕጻዕቲ እዚ ክብየኖ ተገዲዱ።

ፖውደር ጆንሶን ኤንድ ጆንሶን፡ ኣብ 40 ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካ መጸናዕቲ ከምእተኻየደሉ ዝገለጹ ሳዕለዎት ሰብ-መዚ እታ ሃገር፡ ሓደኛ ጭኡታ ዝሓዘ ናይ ኮስሙቲክ ኣቑሑ ናብ ሕብረተ-ሰብ ምቕራብ፡ ጭኣነ ምዃኑ ገሊጾም።

በዚ ኸኡ፡ እቲ ትካል ኣብ ብዙሓት ስድራ-ቤታት ዘኸተሎ ሳዕቤን ዘይምለስ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ገዚፍዊ መቕጻዕቲ ንህዝቢ ገለ ሮግኣት ዝፈጥር ምዃኑ ምዃኑ ይጠቅሱ።

ኣብ መላእ ዓለም ተፈላጥነት ዘለዎ ትካል 'ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን'፡ ኣብ 2020 ኣብ ከበሕታት ሰሜን-ኣመሪካ ንዝነበረ - ህጻናትን ደቂ-ኣንስትዮን ዝጥቀሙሉ ፖውደር ክኣልዮ እኳ እንተተገደደ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ነቲ ሓደኛ ፖውደር ናብ መላእ ዓለም ብዝዓጸፈ ቁጽሪ ከምዝሰደዶ እዩ ዝኽሰስ።




## ኤውሮጳ - መልከፍቲ ሕማም 'ረስኒ ደንጊ' የስፋሕፍሕ



ብመንቀሲቲ ጣንጡ ዝመሓላለፍ ሕማም 'ረስኒ ደንጊ'፡ ኣብ 13 ሃገራት ኤውሮጳ ከምእተራእየ - ማዕከናት ዜና'ታ ኣህጉር ኣቃሊሐን።

ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ኣብዘን ሃገራት፡ ብዙሓት ዓሌታት ጣንጡ ክረኣያ ከምዝጀመራ ዝሓበሩ ክኢላታት፡ ብሰንኩ ሕማም ረስኒ ደንጊ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር እዋን ክስፋሕፍሕ ከምዝጀመረ ኣፍሊጦም።

ውድድር ኦሎምፒክ ኣብ ሓምለ ኣብ እተኣንገድ ፓሪስ እውን፡ መልከፍቲ እዚ ተመሓላለፊ ሕማም ኣብ ኣዝዩ ዝለዐለ ኩነታት ምህላዉ ዝጠቐሱ ሰብ-መዚ እታ ሃገር፡ ነዚን ክፋሪያ ጀሚረን ዘለዋ ሓደሽቲ ዓሌታት ጣንጡ ንምቁጽጻር ብዕቱብ ይሰርሑ ከምዘለዉ ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ኣብ ኤውሮጳ ብጣንጡ ዝመሓላለፉ ሕማማት ብኣዝዩ ኣሰካፊ ቁጽሪ ክወሰኹ ምጽንሖም ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ረስኒ ደንጊ፡ ቺኩንጊንያን ዚካ ቫይረስን እቶም ኺናም ዝረኣዩ ሕማማት ምዃኖም ሓቢሮም።

ካብ'ዞም ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳ ከምዝዘቡ ዝጸንሑ መልከፍትታት ሕማም 'ረስኒ ደንጊ'፡ እቶም ዝበዝሑ ካብ ካልኦት ሃገራት ብሰንኪ ምግዕዓዝ ዝተላበዉ ምዃኖም እኳ ክሕበር እንተጸንሐ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን እዚን ነቲ ሕማም ብቐሊሉ ከመሓላልፉ ዝኽእላ ብ'ታይገር' ዝፍለጣ ዓሌታት ጣንጡ - ብብዝሒ ኣብታ ኣህጉር ከምእተፋረያ እዩ ተገሊጹ።

ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሕማም 'ረስኒ ደንጊ' ኣብ 100 ሃገራት ድሕሪ ምኽሳቱ፡ 7000 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 6 ሚልዮን ቡቲ ሕማም ተለኺፎም።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣስመራ | 13/06/2024 | ጎደና ሓርነት ቁ.93 - 95፡ ጥቓ መንገዲ ኣየር ኤርትራ | 120491 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565